# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 29 ዓመት ቁ.75 | ረቡዕ 27 ሕዳር 2019 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 4
ንኹሉ ከከም ዕድመኡ



ገጽ 5
ደረት ኣልቦ ሓይሊ



ገጽ 6
ተጻዋርነት ባክተርያ ...



ገጽ 8
ስንክልና መርገም ኣይኮነን!



ገጽ 9
መሲ ሽልማት ባለን ዲ ኦር ዓቲሩ ይበሃል'ሎ




# ኣስመራ - ኣብ ድሕነት ኣከባብያዊ ሓደጋታት ስልጠና ይወሃብ ኣሎ

ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡ ምስ ማእከል ክሊማዊ ትንበታትን ትግባረን ዞባዊ በይኑመንግስታዊ በዓልስልጣን ንልምዓት (ICPAC) ብምትሕብባር፡ ኣብ ኣከባብያዊ ቁጽጽር ከምኡ'ውን ምክልኻልን ምድሕሓስን ኣከባብያዊ ሓደጋታት፡ ናይ ሓደ ሰሙን ስልጠና ወዲቡ።

ብ25 ሕዳር ኣብ ዝተኻየደ ናይ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት፡ ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሴ፡ ኣከባቢ ንኹሉ ህይወታዊ ፍጡር ዝጸሉ ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ ስልጠኑ ዝቕስሞ ፍልጠት ንድሕነት ኣከባቢ ብዘለዓለ ክሰርሑሉ ኣተሓሳሰቡ።

ካብ ማእከል ክሊማዊ ትንበታትን ትግባረን ዞባዊ በይኑመንግስታዊ በዓልስልጣን ንልምዓት - ሚስተር ዛካሪ ኣተኑ ብወገኑ፡ ሓደጋታት ኣከባቢ ንምክልኻል ኣብ ፍልጠት ዝተሰረተ ሓባራዊ ጻዕሪ ከምዘድሊ ኣገንዚቡ።







እቲ ትምህርቲ ኣብ ምሕያል ሃገራዊ ዓቕሚን ምልላይ ቅድመ-ሓደጋታትን ክሕግዝ ደማ ትጽቢቱ ገሊጹ።

ኣብዚ ኣብ ኣስመራ፡ ክሳብ 30 ሕዳር ዝቕጽል ስልጠና፡ ካብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር፡ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ፡ በትጽሕፈት ሜትሮሎጂ፡ ኮሌጅ ስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ባሕሪ፡ ካብ በዓል-ማዚ ሃብቲ ገፀብን እንስሳ ዘቤትን ካልኦት መንግስታውያን ትካላትን ዝተዋጽኡ 42 ሰባት ይሳተፉ ኣለው።

# ኣብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ዝተራእየ ኣንበጣ ምድረበዳ ኣብ ቁጽጽር ውዒሉ

ብ19 ሕዳር ካብ ኢትዮጵያ ተበጊሱ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ - ንኡስ ዞባ ጋሕቴላይ ዝተራእየ ዕስለ ኣንበጣ ምድረበዳ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ሓይልታት ምክልኻልን ምምሕዳራት ዞባን ንኡስ ዞባን ብምትሕብባር ብዘካየዶ ጻዕሪ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልታት ኣብ ቁጽጽር ውዒሉ።

ኣቦ-ወንበር ዞባ ሓለፋ ልምዓት ብቑልን ኣወሃህዳ ምክልኻል ኣንበጣን ኣቶ ተስፋት ገረዝጊሄር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ሃንደበት ኣብ ከባቢ ሰበርጉማ፡ ያንገሰን ጫዕሮን ዝዓሰለ ኣስታት 615 ሄክታር ዝሸፈነ ክሳብ 80 ሚልዮን ብዝሓ ዝበሮ ዕስለ ኣንበጣ ምድረበዳ ዘድሊ ዓቕሚ-ሰብን መሳርሒታትን ብምውፋር ንዘዕለቖ ክፋሉ ድሕሪ ምቕታል፡ ነቲ ዝተረፈ ኣብ ዘዕረፈሉ እናርከበ ብተመሳሳሊ መንገዲ ከምዝጠፍኤ ኣብሪሁ።

ኣቦ'ቲ ኣደማሚ ዕማም፡ ኣርባዕተ መድሃኒት ዝዕጥቃ ማካይንን ብርክት ዝበለ ዓቕሚ-ሰብን ከምዝተሳተፈ ዝገለጸ ኣቶ ተስፋት፡ ኤርትራ ሰጋእት ወረር ኣንበጣ ኣብ ዘለዎ ዞባ ስለእትርከብ፡ ነቲ ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝጸፈ ከይዛፈረ እንከሎ ከምእትቈጻጸሮ ብምጥቃስ፡ ጉርብቲ ሃገራት ንኸምዚ ዝበለ ናይ ሓባር ጸላኢ ብወሃደት ክቃለስኦ ከምዝግብኦ ኣስሚሩሉ።

ኣንበጣ ኣብ ከባቢታት ወሰንቲ እንገል-ዒላን ሓሓሊፉ ክርእ ምጽንሑ ዝጠቕሱ ክኢላታት ሕርሻ ብወገኖም፡ እዚ ሃንደበት ዝተራእየ ኣንበጣ ምድረበዳ ኣብ ከበሳን ቆላን ብማዕረ ከበድ ዕንወት ከኸትል ዝኸእል ብምዃኑ፡ ሕብረተሰብ ብፍላይ ድማ ሓረስቶት ምንቅስቓስ ኣንበጣ ምስ ዝርእዩ ንዝምልከቶ ኣካል ብቕልጡፍ ሓበሬታ ክህቡን ግራውቶም ብዘዮዮአ ክከታተሉን ከምኡ'ውን ናብቲ መድሃኒት ዝተነጽገ ከባቢታት ክሳብ ኣርባዕተ መዓልታት ጥራዮም ከየውፍሩ መኽሪም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ዑመር ያሕያ ብወገኑ፡ ንተራ ሓይልታት ምክልኻል ኣቦ'ቲ ወፍሪ ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ጊንዳዕ፡ ፎሮ፡ ሸዕብ፡ ባጽዕን ቅሮራን ዝኾነ ኹነ ይኸርም ስለዘሎ፡ ዳግማይ ተርእዮ ኣንበጣ ከየጋጥም ጽዑቕ ምክትታል ክገበር ኣተሓሳሰበ።

ኣቐዲሙ ኣብ ወሰን ከባቢታት ዞባ ደቡብ ዝተራእየ ካብ ኢትዮጵያ ዝሰገረ ዕስለታት ኣንበጣ፡ ብውሁድ ስራሕ ኣብ ሓጺር መዓልታት ከምዝጠፍአ ዝዝከር እዩ።





## ገዲም ተጋዳላይ ገብረየውሃንስ ገብረሚካኤል ተሰዊኡ

ገዲም ተጋዳላይ ገብረየውሃንስ ገብረሚካኤል፡ ብዘጋጠሞ ሕማም ኣብ ውሽጥን ወጻእን ሕምናዊ ክንክን ክግበረሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብ23 ሕዳር ኣብ መበል 73 ዓመት ዕድመኡ ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ መጋቢት 1975 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ገብረየውሃንስ፡ ክሳብ ዕለተ-ናጽነት ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ክፍልታት ውድብን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት፡ ድሕረ-ናጽነት መጀመርያ ኣብ ክፍሊ ኢንዱስትሪ፡ ካብ ወርሒ መጋቢት 1997 ክሳብ ዕለተ-መስዋእቱ ድማ ኣብ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ከም ሓላፊ ፋብሪካ 'ሲጋራጋ' ኮይኑ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ገዲም ተጋዳላይ ገብረየውሃንስ ገብረሚካኤል፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ሓንቲ ወላድን እዩ።



ስነ-ስርዓት ቀብሪ ተጋዳላይ ገብረየውሃንስ፡ ሎሚ 27 ሕዳር ፍርቂ-መዓልቲ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ክፍጸም እዩ።

ኩባንያ ህንጻ ሰገን ብመስዋእቲ ተጋዳላይ ገብረየውሃንስ ገብረሚካኤል ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መሳርሕቱን መቓልስቱን ጽንዓት ተመንዩ።

# ሳዋ - ክታበት ጸረ-ሕማም ኣንቅጺ ጽቡቕ ይቕጽል

ብመሰረት'ቲ ኣብዚ ወርሓት ሕዳርን ታሕሳስን ካብ 1 ክሳብ 30 ዓመት ንዝዕድመኦም ዜጋታት፡ ክታበት ጸረ-ኣንቅጺ ንምሃብ ዝተበገሰ ወፍሪ፡ ኣብ ሳዋ ካብ 24 ሕዳር ከምዝጀመረ ወከል ኤሪና ሓቢሩ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ሓላፊ ኮማዊ ጥዕና ኣቶ ብርሃ ኣብርሃ፡ ኣብ'ታ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎትን ሞያዊ ስልጠናታትን ዝርከባ ሳዋ፡ እቲ መደብ ብጽፉፍ ይካየድ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣቐዲሙ ብመልክዕ ኣስተምህሮታትን ብምዕባናት ዜናን ዝተገብረ ገስጋሳት፡ ኣፍልጦ ህዝቢ ኣብ ምብራኽ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝገበረ ዝሓበረ ኣቶ ብርሃ፡ ልዕሊ'ቲ ኣብ ሓደ መዓልቲ ክሽፈን ዘውጽኦ ወጥን ይኸትቡ ከምዘለዉ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ስታፍ ኣገልግሎት ጥዕና ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት - ሌተና ኮሎኔል ቴድሮስ ተኽለጼን ጉድጊ-ጉድጊ'ቲ ናይ ክታበት መደብ፡ ቪታሚን 'ኤ' ናይ ምዕዳል መስርሕ እውን ይካየድ ከምዘሎ ገሊጹ። ኩሎም ስታፋትን ኣለይቲ ተመሃሮን ነቲ ወፍሪ ንምዕዋት ዝርእዩዎ ዘለዉ ልዑል ተገዳስነት ሞጐሱ።


ሰ/ሙሴ ኪዳነ

# ሓጋዝ - ኣብ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝሕግዝ ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ሓጋዝ፡ ብማሕበር መማህራን ጨንፈር ዞባ ዓንሰባ ዝተወደበ፡ ኣብ ምርግጋጽ ብቑዓት ምምሃርን ምስትምሃርን ዝሕግዝ ስልጠና፡ ብ15ን 16ን ሕዳር ተዋሂቡ።

ዕላማ ናይ'ዚ ዳይረክተራት፡ ሱፐርቫይዘራት፡ ኣመሓደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ወከልቲ መማህራንን ኮሚተ ወለድን ዝተሳተፍዎ ስልጠና፡ ዓቕሚን ውዳበን መማህራን ብምሕያል ወጽኢታዊ ስራሕ ንምዕዛዝ እዩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ፡ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል፡ መማህራን ኣፍልጦኦም ናብ ተመሃሮ ብግቡእ ከሰጋግሩ፡ ምሉእ ርእሰምትእምማን ዘለዎም ህጹጻት ክፍርዩ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ድማ ምስቲ ሕብረተሰብ ኣብ ምህናጽ ክሰርሓ ኣዘኻኺሩ።

ካብ ኣሰልጠንቲ መምህር ተኽለሰንበት ዝርኣዩ፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን - ብልጫታት ዓቢኩ ንዝርአ ጸገማት ፍታሕ ምንዳይ ንምዕባለ ትምህርቲ ኣገዳሲ ብምዃኑ፡ መማህራን ብዘይዳ ጻዕርም ኩሓይሉ ተላቢዩ።

# ደቡብ - ዕዉት ምርባሕ ዓሳታት ከምእተኻየደ ተገምጊሙ


ሰ/ፊሊሞን ተካቦ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ኣብ 22 ዲጋታት ዝተኻየደ ምርባሕ ዓሳታት፡ ልዕሊ 70 ሚእታዊት ዕዉት ምንባሩ፡ ጨንፈር ሃብቲ ዓሳ ብ21 ሕዳር ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ገሊጹ።

ኣብ ከተማ ድባርዋ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሃብቲ ዓሳ ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣቶ ኣልኣሚን ኣሕመድ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ንምፍራይ ዓሳታት ኣብ ጥዑም ማይ ምቹኣት ዝኾና ዲጋታት ምህላወንን፡ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ተጠቃምነት ዓሳ ኣፍልጦ ምጥራዩን፡ ኣብ ምዕዋት ንጥፈታቶም ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዝነበሮ ገሊጹ።

ቀንዲ ሸቶ ናይ'ቲ መደብ፡ መኣዛዊ መግቢ ኣብ ስድራ-ቤታት ምውሓስ ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቶ ኣልኣሚን፡ ንኣገባብ ኣጋፍፋኦምን ኣሰራርሓ ኣብ መግቢን ብዝምልከት፡ ንህዝቢ ስልጠናታት ከምእተዋህበ፡ ተራድኦታት ገፊፍቲ ዓሳ እውን ቒይመን ምህላወን ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ፡ ተጠቃምነት መግቢ ዓሳ ካብቲ ዘለዎ ንኽሰፍሕ፡ ቡብኩባቢኡ ኣስተምህሮታት ክድፋኣሉ፣ ምንጭታት ማይን ዓሳታትን ካብ ብኸላ ንምድሓን ሞቶረታት ካብ ዲጋታት ክርሕቃ. . .ዝብሉን ካልኣትን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ኤርምያስ ገብረልዑል

ሺሃብ ኣርኣያ

ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (2214)

ፋክስ። 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 200454-07121322

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ሳምራዊት መለስ

ትንሱእ ፍስሃየ

ሰመያዊት ሓይለኣብ

ቤተልሄም ታደሰ

ሳምራዊት ሃብተ


# ገልዓሎ - ትካላት ጥዕና ኣገልግሎተን የበርኻ

ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፡ ኣብ ዝርጋሐ ትካላት ጥዕናን ክኢላዊ ዓቕሚ-ሰብን ዝተገብረ ጻዕሪ ጽቡቕ ወጽኢት ተረኺቡዎ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ነርስ ማሕሙድ ኣሕመድ፡ ብሕጽረት መሳርሒታትን ዓቕሚ-ሰብን ዝተማልአ ኣገልግሎት ክትህብ ዘይጸንሐት ማእከል ጥዕና ገልዓሎ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ዝሓሸ ዓቕሚ-ሰብን ንዋትን ብምዕጣቓ፡ ኣገልግሎታ ብኣኡ መጠን ከምዝበረኸ ገሊጹ።

ኣብ ርሑቕ ገጠራት ዝተደኮና ትካላት ጥዕና እውን፡ መድሃኒት ንምዕቃብ ዝሕግዘን ጸሓያዊ ጸዓት ከም እተተኽለለን ነርስ ማሕሙድ ሓቢሩ።

ብሰንኪ ድሕር ባህልን ልምድን ኪጋጥም ዝጸንሐ ሞትን ስንክልናን ኣብዚ እዋንዚ ከምእተወገደ፡ ኣብ ክንክን ቅድምን ድሕርን ሕርሲ ርኡይ ለውጢ ይምዝገብ ከምዘሎ ብምሕባር ድማ፡ ወከልቲ ጥዕና ዓዲ - ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝምስገን ኣስተዋጽኦ ይገብሩ ከምዘለዉ ገሊጹ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ደኩመንታሪ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12፡50 | ጨፌራ ጥዕና |
| 13፡30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ቴራብ/ገለብ ደሓን |
| 14:20 | SPORT HIGHLIGHTS |
| 15:40 | ዕላል ጥበባት |
| 16:15 | ህርመት |
| 17፡00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:20 | ሙ/ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:40 | ህርመት |
| 18፡30 | ማእገር |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | መደብ ሽንግርዋ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ሕርሻን ሃ/ባሕርን |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሙ/ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22፡40 | OPEN MIC |

ብካልኣይ መስመር ተለቪዥን ኤርትራ ዝፍኖ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣሎ።

ቨልንሲያ ምስ ቸልሲ ሰዓት 09፡00 ድ/ቀትሪ

ሊቨር ፑል ምስ ናፖሊ ሰዓት 11፡00 ድ/ቀትሪ

# ስነ-ጥንታዊ ዳህሳስ ኣኣ-ዓዲ ሰጓጉ




ገብረሚካኤል ገብረስላሰ

ኣብ ኩሉ መሬት ሃገርና ምስ እንዕዘብ ንዝተፈላለዩ እዋናት ዝውክሉ ተፈጥሮኣውን ባህላውን ሓድግታት ንረክብ። እዞም ሓድግታት እዚኣም ብሰንኪ ዝወርዶም ተፈጥሮኣውን ሰብ ዝሰርሖምን ሓደጋታት ሕብሮም፡ ቅርጾምን ግዝፎምን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብቐጻሊ ስለ ዝለዋወጡ፡ እቲ ካብኦም ክንረኽቦ እንኽእል ሓበሬታ ሕሉፍ ታሪኽ ክዛናባዕ ወይ ጠቕሊልና ክነጽእና ንኽእል።

ከም ኩሉ ክፋል ሃገርና፡ ዞባ ደቡብ ብብዝሒም ዓይነቶምን መዳርግቲ ዘይብሎም ስነ-ጥንታዊ ኣሰራት ዝሓቖፈት እያ። ብሓፈሻ ብዘቑጽሩዎ ግዜ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ዘለዉ ኣሰራት ቅድመ-ኣኽሱም፡ ኣኽሱማዊ፡ ማእከላይ ዘመን፡ መግዛእታዊ ሓድግታት ከምኡ’ውን ድሕሪ ንምምጻእ ናጽነትን ምውሓስ ሃገርን ዝውክሉ ንጅግንነትን መስዋእትነትን ህዝብና ዝገልጹ ሓድግታት ኢልና ክንገልጾም ንኽእል። እንተኾነ መብዝሕትኦም ዘይተዳህሰሱን ዘይተፈልጡን እዮም። ስለዚ ንሕጂ ክጠቕሶ ደልየ ዘለኹ ሓደ ካብኣቶም ክሳብ ሎሚ ከይተፈልጠ ዝጸንሐ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ ዓይኒ ኣብ ከባቢ ዓድታት ኣኡዓዲ ሰጓጉ ዳህሳስ ዝተገብረሉ ስነ ጥንታዊ ኣሰራት እዩ።

ኣኣን ዓዲ-ሰጓጉን ካብ ከተማ መንደፈራ ንምብራቕ ኣስታት 40 ኪ.ሜ ርሒቐን ዝርከባ ዓድታት እየን። ብሓፈሻ ጂኦግራፊያዊ ጠባይ እዚ ቦታ ጉቦታትን ስንጭሮታትን ዝጠዘሐ፡ ስሒው ዝርገሐ ዘለዎም ቈጥቋጥ ኣግራብ ዝዑብሎ ከምኡ’ውን እምኑሑጻን (sand stone) ጸለም እምኒን (basalt stone) ብጦርያዊ ኣእማን ዝውንን እዩ። ኣብዘን ከባቢ ዓድታት ክሳብ ሕጂ ንዊሕ ዓመታት ኣፍልጦ ከይተዋህቦም ዝጸንሐ፡ ሕጂ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ዝተገብረሎም ሓድግታት ኣለዉ። እዚ ድማ ንመርኽ፡ እንዳሸፍን ብምሱል በዓቲ ዝፍለጥ ናይ ስእሊ ኣኻውሕን ዘጠቓለለ እዩ።

እዚ መርኽ ዝበሃል ቦታ ካብ ኣኣ ንምብራቕ፡ ካብ ዓዲ-ሰጓጉ ድማ ንምዕራብ ኣብ ብርኽ ዝበለ ቦታ ዝተደኮ፡ ኣስታት 900 ሜትሮ ካብ ሰሜን ንደቡብ ዝዘርጋሕ ንውሓት ዘለዎ ከምኡ’ውን ኣስታት 300 ሜትሮ ካብ ምዕራብ ንምብራቕ ጎኒ ዘለዎ፡ ጠቕላላ 0.25 ትርብዒት ኪ.ሜ ዝሸፍን እዩ። ኣብዚ ቦታ እዚ ብብዝሒም ዓይነቶምን ዝተፈላለዩ ጸለም ሕብሮም ርጉድ ዝበሉን ብዮዝቱ ዝተጠብሱን ዝኾኑ ጥባብ ዘይሓለፎም ስብርባር ካይላታት፡ ዝተፈላለዩ ክፋል ኣዕጽምቲ ሰብ፡ ከቢብ ቅርጺ ዘለዎም ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሸሞንተ ሜትሮ ሰንጣቒት ዘለዎም ናይ ህንጻ ፍርስራሳት ከምኡ’ውን መጥሓን ብብዝሒ ይርከብ።

ምስዚ ዕና ተታሓሒዙ “ሕነ ኣኣ ንመርኽ” እናተባህለ ብህዝቢ እቲ ከባቢ ዝጽወ ኣፈ-ታሪኽ ኣሎ። “እዚ ድማ ማፐስኡ፡ ቀዳሞት ተቐመጥቲ ኣኣ ብዙሕ ሓጥያት ዝፈጸሙ ስለዝበሩ፡ ኣምላኽ ብዮዝብሮም ተቘጢዑ ሓደ መዓልቲ መዓት ከውርደሎም ምስ ወሰነ፡ ኣብታ ዝወሰላ መዓልቲ ድማ እቶም ኣብ መርኽ ዝቕመጡ ዝነበሩ ፈለስቲ ኣብ ኣኣ ኑቲ ህዝቢ ስብኮት ይህቡ ስለ ዝነበሩ፡ እቶም ፈለስቲ ከይልከሙ እቲ መዓት ናብ መርኽ ኮይኑ” ይብሉ።

ኣብ ስነጥንታዊ መጽናዕቲ ኣፈ-ታሪኽ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ መብዝሕትኦም ኣፈ-ታሪኽ መሰረት ኣለዎም። ስለዚ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣፈ-ታሪኽን ምስቲ ኣብቲ መሬት ዛሕ ኢሉ ዘሎ ቅርስታትን ኣተሓሒዝካ እዚ ቦታ ናብ ናይ መንፈሳዊ ሰፈራ ነይሩ ዝብል ጥንሱ-ሓሳብ (hypothesis) ክውጻሓካ ይኽእል። ምኽንያቱ እዞም ኣብዚ ቦታ ዝተረኽቡ ስብርባር ስርሓት ካይላ ብዙሕ ጥባብ ዝሓለፎም ኣይኮኑን። እዚ ድማ ኑቲ ናይ ባሕተወቲ ጠባያት ዝመሳሰል እዩ። መንፈሳውያን መብዝሕትኦም ኣብታ ትቐጽል ዘለኣለማዊት ዓለም እምበር ንግዝያዊ ጸጋታን ኣብልጮሓጮን ዓለማዊ ህይወት ብዙሕ ኣይግደሱን እዮም። ብተወሳኺ እቲ ከቢብ ቅርጺ ዘለዎ ፍርስራስ ህንጻታትን ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ናይ መቓብር ኣሰራትን ምስ መብዝሕትኡ ናይዚ ሕጂ ዘመን ዘሎ ናይ ኣድባራት ቅዲ መቓብር ዝመሳሰል እዩ።

መቐጸልታ ናይዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣብዚ ከባቢ ብምሱል በዓቲ ዝፍለጥ ናይ በዓቲ ኣሳእል’ውን ኣሎ። ስእሊ ከውሒ (rock art) ማለት ብቐዳሞት ደቂ-ሰብ ዝተሰርሐ፡ ጽሑፍን ካልእ ንዝተፈላለዩ ተፈጥሮኣዊ ምስልታትን ዘንጸባርቑ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ኣእማን በሪህም ዝረኣዩ እዮም (wikkipedea)። እዞም ኣሳእል እዚኣቶም መብዝሕትኡ ግዜ ኣብ በዓቲ ዝርከቡ ኮይኖም፡ ደቂ-ሰባት ኣብቲ መጀመርታ ግዜ ፍልቀት ኣብ በዓቲ ይነብሩ ከምዝነበሩ ዘረጋግጹ ዓሻራታት እዮም። ብተወሳኺ’ውን ዝነበረ ባህላዊ፡ ከቡቢያዊ፡ እምነትን ቁጠባዊ ኩነታትን ናይቶም ዝሰኣልዎም ሕብረተሰብ የንጸባርቑ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንሃገርና ሓዊስካ ናይ ከውሒ ኣሳእል ብብዝሒ ይርከብ እዩ። እዞም ኣብ ሃገርናን ኣብ መላእ ምብራቕ ኣፍሪቃን ዝርከቡ ናይ ኣኻውሕ ኣሳእል ብሓፈሻ ብኢትዮጵያን-ኣራብያን (ethiopian-ariabian) ዝፍለጥ ቅዲ ኣሰኣእላ ዝፍለጡ እዮም። ናብ ዞባ ደቡብ ምስ እንምለስ ኣብ ምብራቓዊ ወገን ከበሳታት ናይዚ ዞባ ብብዝሒ ይርከቡ (ሃገራዊ ቤት መዘክር ኤርትራ 2008 ገጽ.13)።

ኣብ ምሱል በዓቲ ዘለዉ ኣሳእል ምስሊ ሰብ፡ ኣጣል፡ ከብቲ፡ ሓርማዝ፡ ገማል፡ ጂኦመትሪያውን ዘይንጹር ኣሳእልን ዘጠቓለለ ብቀይሕን ጻዕዳን ሕብሪ ዝተሰኣሉ ኮይኖም፡ ገለኦም ብኢጋንኖ (schematic) ገለኦም ድማ ብልክዕነት (naturalistic) ቅዲ ኣሰኣእላ ዝተሳእሉ እዮም። ስለዚ ብዘለዎም ሕብርን ቅዲ ኣሰኣእላን ምርኩስ ብምግባር፡ እዞም ኣሳእል በበይኑ ቅድን ሕብርን ስለዘለዎም ናይ ዝተፈላለየ እዋን ምዃኖም ክንርድእ ንኽእል። ምኽንያቱ ኣብዚ ከባቢ መጽናዕቲ ዘካየዱ ክኢላታት እዚ ዓውዲ፡ እቲ ቀዳማይ ቅዲ ኣሰኣእላ ብኢጋንኖ (schematic) ዝሰኣል ምስሊ ኮይኑ፡ ንውሕ ዝበለ ዓመታት ዘቑጸረ ኮይኑ፡ እቲ ድሕሪኡ ዝማዕበለ ቅዲ ድማ ምስ ተመኩሮ ዝማዕበለ ልክዕነት (naturalistic) ናይቲ ዝውክል ዘሎ ነገር ዘንጸባርቕ እዩ ይብሉ። ካብኡ’ውም ኣብዚ በዓቲ ተሳኢሎም ዘለዉ ዘቤታውያን እንስሳታት ምርኩስ ብምግባር ድማ እቶም ዝሰኣልዎም ሕብረተሰብ ብመጓሰ ዝናበሩ ምንባሮም እቲ ዝነበረ ቁጠባዊ መነባብሮ ይነግረና። ብተወሳኺ መብዝሕትኦም ኣብዚ በዓቲ ዘለዉ ኣሳእል በኣዕቲ ሳዕሪ ስለዝሸፈኑ፡ እዚ ቦታ ሳዕሪ ዝመልኦ ኣከባቢ ክኸውን ከም ዝኽእል ይእምቱልና። ስለዚ እዞም ኣሳእል ናብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ጥንሱ-ሓሳብ (hypothesis) ከብጽሑና ይኽእሉ።

ብተወሳኺ፡ ሃገርና ንንውሕ ዝበሉ እዋናት ብዝተፈላለዩ ባዕዳውያን ግዝኣት ዝተገዝኣት እያ። ስለዝኾነ ድማ፡ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት መግዛእታዊ ሓድግታት ክትርኢ ንቡር ተርእዮ ይኾነ። ንሕጂ ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝገለጽክዎ፡ ብዛዕባ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ኣብ እንዳሸፍ ዝተባህለ ቦታ ዝተረኽበ ክገልጽ። እዚ ቦታ እዚ ካብ ከባቢኡ ብርኽ ዝበለ ኮይኑ ፍርስራስ ግዝወቲ ጥራይ ዝሓቖፈ እዩ። ብመሰረት ካብ ህዝቢ እቲ ከባቢ ዝተረኽበ ሓበሬታን ኣብኡ ዝርከብ ኣሰራትን፡ እዚ ቦታ እዚ ናይ ጣልያን መቆጻጸሪ ቦታ ከም ዝነበረ ክትድምድም ትኽእል። ምኽንያቱ ኣብ ግዜ ጣልያን ቅናፍና ዓቢ መዓስከር ስለዝነበረ፡ ንዕኡ ንምክልኻል ተባሂሉ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ በረኽቲ ቦታታት ካብ ተኸሎ ጀሚርካ ንምዕራብ ክሳብ እንዳ ሸፍ ዝዝርጋሕ ወተሃደራዊ መከላኸሊ ስለዝነበረ (ካብ ኣፈ-ታሪኽ ዝተወሰደ)። ብተመሳሳሊ እዞም ኣብዚ ሰፍራ ዝተረኽቡ ኣሰራት ብዘይካ ፍርስራስ ግዝወቲ፡ ካልእ ንሲቪላዊ ነባሪ ዝውክሉ ቅርስታት ከም መጥሓን፡ ስርሓት ካይላ ዝኣመሰሉ ርኽበታት ኣይተረኽቡን። ብተዛማዲ ኣብ ብዙሕ በረኽቲ ቦታታት፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ገለ ከተማታት ብፎርቶ እናተባህለ ዝጽዋዕ ወተሃደራዊ መዓስከር ጣልያን ኣሎ። እዚ ድማ ከሉም እቶም መዓስከራት ዝነበሩ ዘለውዎ ቅርጺ መሬት ምስ እንዳ ሸፍ ተመሳሳሊ ይጉብሮ። እዚ ከኣ ኑቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መደምደምታ የራጉደልና።

ኣብ መወዳእታ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለጸ፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ሃገርና ንዝተፈላለዩ እዋናት ታሪኽ ከዘንትዉ ዝኽእሉ ሓድግታት ኣለዉ። ኣብ መዓልታዊ ሂወትና ድማ ኪጋጥሙና ይኽእሉ እዮም። ስለዚ ኣብ ክንዲ ብሸለልትነት ዝኮሓፉን ዝዋንዉን፡ ናብ ዝምልከቶም ኣካል ተሓቢሩ ዝግቦእ መጽናዕትን ዕቃበን ክግበረሎም ኣለዎ። ምኽንያቱ እዞም ሓድግታት እዚኣቶም መለለዪ መብቅል መንነትናን ታሪኽናን ስለዝኾኑ። ብተወሳኺ ዘለዉና ባህላዊን ተፈጥሮኣውን ውርሻታት ብዮዝቱ እንተዓቂብናዮምን ንማሕበረሰብ ዓለም እንተኣላሊናዮምን ብዙሕ ኣታዊታት ክንረኽበሎም ንኽእል።



ስእሊ.1. ሓፈሻዊ ቅርጺ መሬት ኣኣ-ዓዲ ሰጓጉ



ስእሊ.1. ኣብ መርኽ ዝርከብ ኣሰራት



ስእሊ.2. ስእሊ ምሱል በዓቲ

ብምትሕብባር ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ዝዳሎ ዓምዲ

## . . . እቲ ካልእ ሸነኽ!

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

# ንኹሉ ከከም ዕድመኡ

ወዲ 4 ዓመት ህጻን፡ ኣብ ጣውላ ዝጸንሓቶ 100 ናቕፋ ኣልዓላ'ሞ፡ እናጨራረመ ተጻወተላ። ሽዑ ኣቦኡ፡ ወዱ ገንዘብ ብምቕዳዱ፡ ሰድነት ከም ዝፈጸመ ወሲዱ ክጥሕሮ ኣይጸልአን። ቆልዓ መቸም፡ ተፈሲሁ ክጻወት ከም ዘይጸንሐ፡ ብሰንባደ ልቡ ክትሞሉቕ ኢላ፡ ጀረብረብ ኢለን ኣዒንቱ። ምናልባት እውን ኣቦኡ ስለምንታይ ከም ዝተቐጥዓሉ ኣይፈለጠን ይኾውን።

እቲ ዝገርም ነገር፡ ኣቦኡ "እንታዲኡ ኣፍሊጡዎ እዩ'ሽ ገንዘብ ዘልዕል" እናበለ'ዩ ብሕርቃን ዘንጸርጽር ነይሩ። ወዱ ስለምንታይ ገንዘብ ከም ዝቐደደ ባዕሉ እናነገረ፡ ክቐጽዖ ኣንቂዱ።

እቲ ህጻን፡ ከም'ቲ ኣቦኡ ዝበሎ ገንዘብን ትርጉሙን ወይ ጥቕሙን ስለ ዘይፈልጥ፡ ቆልዓ ድማ ዝኾነ ሓድሽ ነገር ናይ ምልዓል ባህሪ ስለ ዘለዎ ኣልዒሉዋ - ተጻዊቱላ ኸኣ።

ብዛዕባ ገንዘብ ዘይፈልጥ እንተ ኰይኑ ደኣ፡ ገንዘብ ስለ ዝቐደደ ክቕጻዕ ኣለዎ ድዩ?፡ ብሓቂ እንተ ኾይኑ፡ እቲ ህጻን ዘይኰነስ፡ ኑቲ ገንዘብን ወረቐትን ዘይፈሊ ህጻን ዘሰንበደ ኣቦ እዩ ክቕጻዕ ነይሩዎ።

ብሰለትን ፍልጠትን ወድ-ሰብ፡ ከከም ዕድመኡ ምኻኑ መን ክስሕቶ ይኽእል። ህጻን ካብ ማህጸን ኣደኡ ክወጽእ ከሎ ዝፈልጦ ነገር እንተ ሃልዩ፡ ዝኾነ ይኹን ነገር ከም ዝጥቦ ጥራይ እዩ። ጨርቂ ይጠቡ፡ ኢድ ሰብ ይጠቡ፡ እግሩን ኢዱን ይጠቡ. . . በቃ ምጡባብ ጥራይ። እናዓበየ ክኸይድ ከሎ ድማ፡ ብዘገምታ ፍልጠታት እናዋህለለ ይመጽእ።

ከከም ኩነታቱ ገንዘብ ኣገዳሲ ምኻኑ ዝፈልጠሉ ዕድመ ከኣ ኣሎ። ተዘይኰይኑ፡ ከም ዝኾነ ይኹን ሓድሽ ነገር እዩ ገንዘብ ንዕኡ። እቲ ብዛዕባ ገንዘብ ዘይፈልጥ ህጻን ሚልዮናት እንተ በተንካሉ፡ ክሰራሰረሉን ክጻወተሉን ጥራይ እዩ ዝረኣየ። ንዕኡ ዘሐጕሶ እንተ ኾይኑ፡ እናልዓለ ኣብ ፈርኔሎ እንተ ረኺዮ እውን፡ ዋላ ሓንቲ ጌጋ የብሉን።

ብዙሓት ወለዲ፡ ብዕድመኦም ወይ ብሰለቶም ከም ጌጋ ዝሓሰቡዎ ተግባር ክፍጽም ከሎ፡ ንህጻን ውላዶም ክቐጽዑ ወይ ክቋየቑ ይረኣዩ እዮም።

"ብኣእምሮ ወይ ብሰለት ናይ'ቲ ህጻን ግን ጌጋ ድዩ?" ዝብል ሕቶ ቀዲሞም ክምልስዎ ኣይፍትኑን።

ኣብ ደረጃ ህጻንነት ዘሎ ሰብ፡ ገና ምስ ዓለምን ከባቢኡን ዘይተላለየ ጋሻ እዩ። ርእዩዎ ወይ ገይሩዎ ዘይፈልጥ ነገር ጎፍ እንክብሎ ኸኣ፡ ንኽፍትኖ ድሕር ኣይብልን። ድሕሪ ምፍታኑ እዩ ኸኣ እናተማህረን እናፈለጠን ዝኸይድ። ስለምንታይ ድዩ ህጻን ብኢዱ ሓዊ ዝሕዝ? ምስ ነደዶ፡ ሓዊ ተጓዳኢ ምኻኑ ይፈልጥ'ሞ፡ ድሕሪኡ ሓዊ ኣይሕዝን።

እንተ ኾነ ግን፡ ንህጻን ኣቐዲምና ብሜላ ክንምህሮን ክገብሮ ዘይግብኦ ተግባር ክንእምተሉን ንኽእል ኢና። ኣደታት፡ ሓዊ ክሕዝ ንዘፈተነ ውላደን፡ ከም ዝሰመየን ከም ዘይነድድን ገይረን ኢዱ ናብ ሓዊ ዘቐርባኦ'ኳ፡ ውዒሉ ሓዲሩ ክሕዞ ምኻኑ ስለ ዝፈልጣ እየን። ብቐሊል ኣዘራርባ ህጻን ዓሻ ስለ ዝኾኑ።

ህጻን፡ ንየው ነጀው እንተ በለ፡ ገለ እንተ ሓዘ፡ እንተ ሰበረ፡ እንተ ኣበላሸወ. . . ቅድሚ ንመቕጻዕቲ ምህንዳድ፡ ብዛዕባ'ቲ ነገር ኣፍልጦ ኣለዎ ድዩ የብሉን ክንመሚ ይግባእ። ክሳብ ዝበስል፡ ማለት ብኣበሃህላ ሕብረተሰብና ክሳብ ልቢ ዝሰኩዕ፡ ተመሃራይ ሂወት ወይ ዓለም እዩ። ወስ እናኾብል ኣረርኪብና ንስልቖ እንተ ደኣ ኼንና ደኣ መዓስ ኢና ክምሃር እንደልዮ?

ዝጠዝሐ ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ነገራት ንዕኡ ሓደስቲ እዮም። ተፈጥሮኣዊ ባህሪ ኰይኑ ድማ፡ ክፈልጦምን ክፍትኖምን ግድነት እዩ። ወዮ ደኣ ንርስዕ ኼንና እምበር፡ ኑብሲ-ወከፍና ብኸምኡ ኢና ዓቢና።

ተመራመርቲ'ሲ፡ ንህጻን ኩሉ ነገር ሓድሽ፡ ኩሉ ነገር ድማ ክፍትን ዘለዎ ምኻኑ ይነግሩና እዮም። ስለ'ዚ፡ እቲ ንሕና እንትርጉሞ፡ ህጻን ውላድና ብኸመይ ከም ዝትርጉሞ ፈሊጥና ኣመት እንትሕዘሉ ሜላ ሃሰስ ንበል።



# ካብ በሃሊኡ ወጺኡ፡ ንበሃሊኡ ዘውድቕ



ባህርያት ደቂ-ሰብ፡ ገለኡ ሰናይ፡ ገለኡ ግናይ'ዩ። ወትሩ ድማ፡ ሰዓርን ተሳዓርን ዘይብሉ፡ ክልቲኦም እናተቓለሱ ይነብሩ። እምነት ምስ ጥልመት፡ ርህራህ ምስ ጭካነ፡ ጻዕሪ ምስ ትህኪት፡ ሓቂ ምስ ሓሶት. . . ተመዓደውቲ ክሰዖም ምስ'ቲ ሓደ ዝመፈጠሩ ሰብ ኣለው።

ሓደ ካብ'ቶም ግናያት "ሓሶት" ዝበሃል ነገር እዩ። ከምቲና ከም እንፈልጦ፡ ሓሶት ዘይተገብረ፡ ዘይተባህለ፡ ዘይኮነ ምውራይ፡ ወይ ከኣ ካብ ሓቂ ብምብጋስ፡ ንነገራት ብምዝባልን ብምጉዳልን ናብ ካልእ ምምሕልላፍ እዩ። እዚ ካልኣይ ሓሶት፡ ንግዜኡ ንሰባት ክደናግር ሓይሊ ዘለዎ'ዩ። ስሙ ዘይፈለጥኩዎ ፈላጥ "ንፋዕ ሓሳዊ፡ እቲ ዝበለጸ ሓሶት፡ ቀንዲ ሕመረቱ ዝነደለ ሓቂ ምኻኑ ይፈልጥ እዩ" ክብል የብርህ።

ካብ'ዚ ወጻኢ ካልእ ትርጉም የብሉን ሓሶት። ግን ንሓሶት ከከም ዝጥዕመና ክንትርጉሞ ንረአ ኢና። ኣብ ግዜ ገድሊ'ኳ፡ ናይ ጸላኢ ዕሱብ ኰይኑ ካብ ሜዳ፡ ካብ ከተማ ይኹን ካብ ገጠር ንጸላኢ ሓበሬታ ዘቐብል ሰብ "ሓሳዊ" ንብሎ ነይርና። ምሕሳውን ምንጋርን ወይ ምሕባርን ግን ጠቢቱ እዩ። ንዕላማኡ ክብል፡ ብስቱር ሓቀኛ ሓበሬታ ዝሃበ ሰብ ሓሳዊ ኣይኮነን። "ጅሮ ጠቢ" ድዩም ዝበሉዎ ኣምሓሩ።

ኑየም ኣብ ውሽጢ ጸላኢ ኰይኖም ንተጋደልቲ ሓበሬታ ናይ ጸላኢ ዘቐብሉ ግን፡ ከም ሓሰውቲ ዘይኰኑ፡ ከም ጀጋኑ ኢና እንቖጽሮም። ኢየም ጸላኢ ዘዋፍሮም ሰለይቲ ንዘሎም ኣቐቢልቲ ሓበሬታ እውን፡ ብዓይኒ ጸላኢ ጀጋኑ ምኻኖም ኣይኮመዝበዞን።

ምስ ጥቕምና ኣተኣሳሲርና፡ ንሓቀኛ ሰብ "ሓሳዊ" እንብሎ ሰባትከ እንታይ ክንበሃል ንኽእል? ንኣብነት ሓደ ሰብ፡ ሓላፊኡ ወይ ድማ እቲ ዝምልከቶ ኣካል ኣብ ዘይብሉ ዘይግባእ ተግባር ይፍጽምምም'ሞ፡ መሳርሕቱ እንተ ደኣ ሓቢሩሉ "እዚ ሓሳዊ እንድዩ ኸኒሩሉይ!" ይብል ኣፉ መሊኡ። ብኻልእ መንገዱ፡ 'ኑቲ ዝፈጸምኩዎ ሕማቕ ተግባር ክሓብኣለይ ነይሩዎ' እዩ ዝብል ዘሎ። ከም'ዚ ዝበለ ልምዲ ወይ ባህሊ ምጥራይ ድማ፡ ንሰራሒን ዓንቃፊን ብሓደ ስለ ዘልክዖም መንሸሮ ሰራሒ እዩ።

ሓያሎ ከም'ዚ ዝበለ ተርእዮ ዘጋጠመና ሰባት ከም ዘለና ርግጸኛ እየ። ገለ ሰራሕተኛታት ናይ ሓደ ትካል፡ "እዚ ደኣ ሓሳዊ እንድዩ" ዝበሉዎ መሳርሕቶም፡ "እንታይ ደኣ ገበረ?" እንተ ተባህሉ፡ ተገዳሲ ስለ ዝሰርሐን ጉድለታት ክርኢ፡ እንክሎ ስለ ዝእርምን ንዝምልከቶ ኣካል ስለ ዝሕብርን ኰይኑ ይጸንሕ። እቲ ናይ ዋንነት ስምዒት ሒዙ፡ ንዝሰፈለ ክቐንዕ ድሕር ዘይብል ሰራሕተኛ "ሓሳዊ" እንተ ተባሂሉ ደኣ፡ ትካል ከመይ ኢሉ ወጽኢታዊ ክኸውን!

ሓሶት ማለት፡ ዘይተገብረን ዘይተባህለን ምውራይ ደኣ'ምበር፡ ብዛዕባ ዝተገብረን ዝተባህለን ብልክዕ ምዝራብ ኣይኮነን። ቡቲ ትኽክለኛ መንገዲ እንተ ርኢናዮ፡ ካብ'ዞም ክልተ መን እዩ ሓሳዊ። እቲ ፈጻሚዶ እቲ ነጋሪ? ብልክዑ፡ እቲ ጉድለት ፈጺሙ ክስተር ዝደለ ሰብ እዩ ሓሳዊ። ምኽንያቱ፡ ዝገበረ ገይሩ 'ኣይገበርኩን፡ ኣይፈጸምኩን!' ስለ ዝበለ።

ከም'ቲ "ዝረባ ዘረባ የምጽእ፡ ንሓመድ ድጉሪ የውጽእ" ዝበሃል፡ ብዛዕባ ትርጉም ሓሶት ደኣ ነዊሕ ተዛሪብና እምበር፡ እቲ ቀንዲ ዛዕባ ሓሶትን ግናይ ሳዕቤኑን እዩ።

"ናይ ሓሳዊ መቕጻዕቲ'ሲ፡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ስለ ዘይኣምኖ ኣይኮነን። ንዑ'ሱ ክኣምና ስለ ዘይክእል እምበር" ብምባል እዩ ጆርጅ በርናንድ ብዛዕባ ሓሳዊ ዝገለጸ። ሓሶት ዘዘውትር ሰብ፡ ካብ ናይ ውሽጡ ፍርሒ፡ ወይ ኑብሱ-ምትሓት ከም ዝበገስ ድማ ተመራመርቲ ስነ-ኣእምሮ ይገልጹ።

ኣቤት ኣብ ገለ ሰባት ዘሎ መጠንን ድፍረትን ሓሶት! ኑየም ሓቐኛታት ክሳብ ዝደናገሩ ዝገብር ሓሶት ኣለዎ።

ሓሰውቲ ሰባት ብኻልእ መንገዲ እዮም ዝሕሰው። ቡቲ ሓደ ክይተረደኣም፡ ቡቲ ካልእ ግን እናተረደኣም። ገለ ካብ'ቶም ክይተረደኣም፡ ማለት ካብ ምሕር እምነት ዘዘሰምዑዎ ሓሶት እናደገሙ ንኻልኦት ዘሓሰዉ. ክኾኑ ከለዉ፡ ኢየም ሓደ ወገን ግን፡ ዘየለን ዘይተገብረን ነገር ብጥቀ-ቑል ኣቢሎም ከም ሓቂ ኣምሲሎም ዘውርዩ እዮም።

ኣብ ከባቢና፡ ይወሓዱ ይብዝሑ ንዘሰምዑዎ ወረ ግሉቱን ጽራዩን ከይፈለዩ እኩብ ዘብሉዎ ሰባት ኣለው። ብኡብሶም ኣመንቲ ስለ ዝኾኑ፡ እንሓንሳብ እውን እቲ ክኸውን ዝደልዩዎ ነገር ክሰምዑ ከለዉ. ሓቂ ስለ ዘመስሎምን ባህ ስለ ዝበሎምን፡ ከም ዘለዎ ቀኒሖም የብሉዎ። ኣብ'ቲ መሽባዕቲ ዘይብሉ ኣእዛኖም ተሰኪሞሞ ዝመጽኡ ወረ ኸኣ፡ ዕድል ኣብ ዘዘረኸቡሉ ናብ ካልኦት ሰባት ይዘርግሕዎ። ሓሶት ተቐቢሎም፡ ሓሶት የመሓላልፉ።

እዚ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሰባት ፈላጣት፡ ሓያላት፡ ርህሩሃት፡ ሓገዝቲ ሰቢ. . . ንኽመስሉ፡ ወይ እውን ዘርብሖም ኩይኑ እንተ ተሰሚዖዎም ሓሶት ይምህዙ እዮም። ማለት'ሲ. ኑቲ ዘይብሎም ባህሪ ወይ ትሕዝቶ ከም ዘለዎም ኰይኖም ንኽረኣዩ፡ ወይ ድማ ንሰባት ኣታሊሎም ጥቕሚ ንኽረኽቡ። ዳኒየል ዋላስ "ዛንታ ዝዋገር ሰብ ንኻልኦት ንኸኣፍል እዩ፡ ሓሶት ዝዋገር ከኣ ንምእ-ኑብሱ ንኽሕግዝ'ዩ" ብምባል እዩ ዝገልጾም ዘሎ'ዮም።

ብዙሓት ሰባት ኣለዉ. "ዚ ሰብ'ዚ ከም'ዚ ገይረ፡ ብዙሕ ሓጊዘዮ እምበር ዋላ ሓንቲ ኣይዝክሮን. . ." ክብሉ የውርዩ'ሞ፡ ኣብ ሓቂ ግን፡ እንትርፎ ናይ መልሓሱ ዋላ ሓንቲ ግብራዊ ሓገዝ ዘይገበሩ ኰይኖም ይጸንሑ። እዞም ሰባት'ዚኦም፡ "ንብሰይ ኰይነ ንሰባት ክኸውን ዝኽእል'የ፡ ርህሩህ'የ፡ ሓጋዚ'የ፡ ካብ ሰብ ንላዕሊ'የ . . ." ንኽብሉ እዮም ድርኺ ኢሎም ዝሕሰዉ።

ሓሶት መውዓእታኡ፡ ንግዚኡ ሓሳዊ ባይታ ኣዝቢጡ፡ ከም ዘደሰበ ክሳብ ዝሕሰብ ይጉብሮ። ሂወት ክሳብ ዝጸልእ ይዋረድን ይንጸልን። ሳራ ሽፓር "ሓሳዊ፡ ዋላ ሓቂ እንተ ተዛሪበ'ውን ዝኣምኖ የለን" ብምባል፡ ተኣማንነቱ ከም ዝስእን ትጠቕስ። ምኽንያቱ፡ ሓሶት ቀልጢፉ ዝቃላዕ ባህሪ ወዲ-ሰብ ስለ ዝኾነ፡ ሓደ ግዜ ሓሶት ዝዘገርኖ ሰብ፡ "ተጋግዩ" ክበሃል ይኽእል እዩ፡ ካልኣይ ግዜ ምስ ደገሞ "ኣነ ደየ ተጋግየ" ይብል፣ ምስ ሰለሶ ግን "ክልተና ኣይተጋገናን፡ ሓሳዊ ምኻኑ እየ ፈሊጠ" ይብል። ምኽንያቱ፡ ሓሳዊ ሰብ፡ ንኹሉ ሓሶታቱ ናይ ምዝካር ክእለት ስለ ዘይብሉ፡ ንሓሶቱ ብኻልእ ሓሶት ስለ ዘፍርሶ።

እዚ ጥራይ ግን ኣይኮነን። እቲ ብሓሶት ዝተባዕጠ ሰብ፡ ብሓሶት ምንባር ይምእመኦ'ሞ፡ ሂወቱ ከይቀየረ ኣብ ናይ ሕልሚ ዓለም ይነብር። እናሓሰወ ዕድመኡ ይቐጽር (ገለ እውን ናይ ሓሶት ዕድመ ዝቐጽሩ እዮም)፡ ከምኡ ኢሉ ድማ ይፋኖ።

ናይ ሓሶት ኣመል ዝሰረጾ ሰብ፡ ዓለም ኩላ ናይ ሓሶት መድረኽ ኢያ። ስለ'ዚ ኸኣ፡ ንኹሉ ሰብ ከም ኑብሱ ስለ ዝወስዶ፡ ዝሰምዖ ዘበለ ከም ሓሶት ይቖጽሮ። ንዝኾነ ይኹን ሰብ ኣይኣምንን።

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ታሽዓይ ክፋል

## ደረት ኣልቦ ሓይሊ




*"ብሓንሳእ ሰለፅን ቅሉዓን ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ።" - ሀሪ መብር*

*"ብዘይ ርህራህ ምኽንያት ምስ ሰባት ክትገአስ ከቶ ኣይትኽእልን ኢኻ።"*
*- ኣሩንዳቲ ሮይ*

ብኣምሆይ ኣውቶብስ ተሰቒለ ናብ ገዛይ እናኸደኩ እንከለኹ፡ ኣብ ውሽጢ እታ ኣውቶብስ ኣብ መንጎ ክልተ መንእሰያት እተላዕለ ቈይቍ ምሕር እዩ ደንጽየዩ። እቲ ጠንቂ መባእሰኦም ዘኾነ ጉዳይ፡ ንኽልቲኦም ከሳጽዮም እምበር፡ ብኣንጻሩ ከተፋንኖም ኣይተጸበኹዎን። እዚ ርእይቶ ንመብዛሕትና ኣብታ ኣውቶብስ ተሰቂልና ዝነበርና ሰባት ዘሰማምዕ ነይሩ።

ሓደ መንእሰይ ኣብ መንበር እታ ኣውቶብስ ኣረጣጢሑ ኮፍ ኢሉ ነይሩ። እታ ኣውቶብስ ካብ ዓቕማ ንላዕሊ መሊአ ስለ ዝነበረት፡ እቶም ደው ኢልና ዝነበርና፡ ካብ ምሕር ምጽቕቃጥ ንላድሕደና ክንውላላጥ ቁሩብ ተሪፉና።

ኣብ ከፃዚ ከኒታት እንከለና፡ ወዮ መንእሰይ ካብቲ ብዙሞዲ ብፆቶ ከኣ ኮፍ ኢሉዎ ዝነበረ መንበር ብድድ ኢሉ። ንሓንቲ ካብቶም ኣብ ጥቓና ዝነበረት መንእሰይ "ንዒ ኣብዚ ኮፍ በሊ።" ኢሉዋ ብኢዱ ናብታ መንበሩ እናመልከተ።

ወያ መንእሰይ ተጸዋርጋ ክትርእዮ እንከላ ኣቕሊቡኒ። ስለ ምንታይ ከም እተጸወገት ክርደኣኒ ኣይከኣለን። ምናልባት እንታይ ከም ዘላ ብዋዕእ ኣይሰምዓቶን ከይትኸውን ጠርጠረ።

እቲ መንእሰይ እውን ከም ናተይ ግምት ግዲ ኣሕዲሩ፡ ድምጹ ኣበሪኹ፡ "እዛ ሓብተይ ተሰኣልኪ ኣለኹ፡ ንዒ ኣብዚ መንበር ኮፍ በሊ።" ኢሉ ደጊሙላ።

እታ ሓብትና ግዱ ብኸቱር ሕርቃን ኣዒንታ ኣጠርም ከውጽኡ እናደለዩ፡ "እንታይ ኢልካ?!" ኣብ እዝኡ ቀሪባ ወጨጭዋ።

ወዲ ብሰንባደ ዝኣክል ዝበሎ ጠፊኡዎ፡ ንሽሓትና ኣብ ጥቓኡ ዝነበርና ብዓይኑ ኮሊሉና። ድሕሪ ገለ ካልኣት ኑበሱ ምስ ኣረጋጋአ፡ "ካብ መንበረይ ተንሲአ ክንዲ ኮፍ ንኽትብሊ ዝሓተትኩኽስ ክንደዚ ትህድድኒ?!" ሕርቃን ሰዲሩዎ።

ብጸጋ ናብ ገጹ እናተወተረት፡ "ኣነ ካባኻ ከም ዝዓቢ ብምንታይ ፈሊጥካ?!" ሕራሕራይ ገይራ ኣዋጠራቶ።

ወዮ መንእሰይ ብኸቱር ሕርቃን ናብታ ተንሲኣላ ዝነበረ መንበሩ ረፈጥ ኢሉ። ኣብቲ ኮፍ ዝበሎ ኩይት ኣንቃዕሪሩ እናጠመታ፡ "እሺ ንዓይ ትዓብዩኒ ኢኺ። እሞ ዘይወጽኣኒ።" ኢሉዋ ኑበሱ ከረጋግእ እናፈተነ።

"ሓጺር ኣድማስ ወትሩ ዓሉ ደየም ዝበሉ።" ናብ ምክትማሹ ተናጠረ።

"እቲ ሓብተይ ሰቐ ኢልኪ። እንዶ ኣይትጸረፊ። ኣነ ብቐንዕና፡ ፍሉሰ ጸር ስለ ዝሽሑኺ በዚ ጽቕጥቕጥ ከይትህሰዪ ኢለ እምበር፡ ንዕድመኺ ኣብ ግምት ኣእቲየ ኣይኮንኩን ተንሲአልኪ። ብዕድመ እሞ ካባኺ ዝዓብዩ እንሀለዉ እንዶ ኣብ ጥቓኺ።" ናብየን ናብቶም ካልኣት ኣብ ከባቢና ዝነበሩ ሰባትን እዩ ዘመልክተላ ነይሩ።

"ዝማጽእካለይ ሰበኣይ ኣለካ ደዩ?!" ጓልያት ሓረስ ኑቢሪ ተቐዩራ።

"እንታይ?!"

"ዝዋቐሰኒ ሰበኣይ ኣለካ ደዩ?!"

"ኣንቲ ሓብተይ ኣሰ ፍሉሰ ጸር ስለ ዝመሰልክኒ ...።" ኣዒንቱ ናብቲ ገዚፍ ከብዳ እዩ ተኸሊወን ዘሎ።

"ንሰኻ ግን ሓደ ሰዲ ሰብ ኢኻ!"

"ግድፊ እባ ኣይትጸረፊ።"

"ናብ እንዳ ሕጊ ወሰደ ኸየማን ጠልጠል ከበለካ እኽእል እየ!" ርእሳ እናነቕነቐት ሓንሒናትሉ።

"ክንዲ ካብ መንበረይ ዝተሳእኩልክስ ክንዲዚ ወርደት!"

"ኣነ ጥንስቲ ደየ?! ንሰኻስ ንዓይ ...።"

ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ከምቲ ተጻዊኡ ሰባት ዘጋጥመና፡ ጥዑማት (agreeable) ሰባት እውን የጋጥሙና እዮም። ጥዑም ዝበሃል ሰብ መብዛሕትኡ ግዜ ሕያዋይ፡ ቅኑዕን ሕውሰን ምስ ዝኸውን'ዩ።

ጥዑማት ሰባት ብሓፈሻ ኣብ ፍጥረት ደቂ ሰብን ምስ ካልኦት ተሳኺ ኣብ ምንባርን ትስፋዋት እዮም። እቲ ምስ ሰባት ኣብ ምስምማዕ ትሑት ብቕዓት ዘለዎ ሰቡ ንናቱ ድሌት ልዕሊ ድሌት ካልኦት ሰባት ክሰርዕ ዘይፍንቅሎ እምኒ የብሉን። ከምዚኦም ዓይነት ሰባት - ዘይተሓጋገዙ፡ ግሉላትን ቃቐይትን እዮም።

ጥዑማት ሰባት ንኣገዳሲነት ማሕበራዊ ስነት ብዝዮየእ ስለ ዝገንዘቡ፡ ብዝዮየእ ይጥቀሙሉ። ምስ ሰባት ኣብ ዝህልወሉ፡ ኣዝዩ ይፈኽሶም። ንስለ ካልኦት ክብሉ፡ ንረብሓኦም ከወንዘፉ ፍቓደኛታት ይኾኑ። ንሳቶም ወትሩ ሓለይትን ሊጋሳትን እዮም። ካልኦት ሰባት እውን ከምኦቶም ምቕሉላት፡ ቅኑዓትን እሙናትን ኩይናም ይሰምዖም።

ቀንዲ መለለዪ ባህርያት ጥዑማት ሰባት እምበኣር እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

- ተኣማንነት
- ግልጽነት
- ተሓጋጋዚነት
- መትከል ስነ ምግባር
- ርህራሀ (altruism)
- ምቕሉልነት
- ልግሲ
- ቅንዕና።

ጥዑማት ሰባት ብሰላ ብስኒት ናይ ምንባር ክእለቶም፡ ሓያሎ ፈተውቲ ይዓስሉ ምም። ንሳቶም ምስ መሳርሕቶም ተሳንዮም ክሰርሑ እምበር፡ ምስ መሳርሕቶም ክወዳደሩ ይኽእሉ ክተሃላለኹ ግዜኦም ንሽበንኡ ከየባሉ ኣይመርጹን እዮም። ንቕጽና እትበሃል ናብኦቶም ገጽ ከቶ ኣይትቐርብን'ያ።

ሓያሎ ስነ ፍልጠታውያን መጽናዕትታትን ምርምራትን ከም ዘረጋገጽዎ፡ ጥዑማት ሰባት መብዛሕትኦም ኣብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ዕዉታት እዮም። ምስ መማህርቶም ጥራይ ዘይኮኑ፡ እንኳላይ ምስ መማህራኖም ጽቡቕ ስኒት ስለ ዝፈጥሩ፡ ኣብ ትምህርቶም ሓደት ዕንቅፋት ጥራይ እዩ ከጋጥሞም ዝኽእል። ምስ መማህራኖም ይኹን መማህርቶም ስለ ዘይጋራጨዉ፡ ቀሲኖም ኣብ ትምህርቶም ጥራይ ከድህቡ ዕድል ይረኽቡ።

ጥዑማት ተማሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቶም ሓያሎ ንፉዓት ተማሃሮ ስለ ዝዕስልዎም፡ ምስኦም ብሓባር ብምጽናዕን ብምትሕግጋዝን ኣብ ትምህርቶም ጽቡቕ ከም ዝስጉሙ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ካምብሪጅ ዝተኻየደ ሓደ ዓሚቕ መጽናዕቲ የጽርዕ።

እቶም ጊንጢ ተማሃሮ ግዱ ምስ ከምኦም ተማሃሮ ይኹን መማህራኖም ብቐንዕና ስለ ዘይቀርቡ፡ ካብ መማህርቶም ይኹን መማህራኖም ዝረኽብዎ ሓገዝ ምሕር ውሑድ'ዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ክገድዑን ንኻልኦት ክገድዑን ይቕሰቡ።

ጥዑማት ሰባት ኣብ ስራሕ ዓለም ክዋፈሩ እንከለው፡ ኣብቲ ትካል ብዙሕ ከይተጋደሱ ምስ መሳርሕቶም ጽቡቕ ስኒት ክፈጥሩ ይኽእሉ። ከም ውጽኢቱ ኑቲ ስራሕ ቀልጠፍም ይመልክዎ። ብሰላ ባህርኦም ተሓጋገዝትን ሓለይትን ስለ ዝኾኑ፡ ንሳቶም ኣብ ስራሕ ክገድዑ እንከለዉ፡ ኩሉ መሳርሕቶም ክሕግዞም ይጃደሉ።

ጥዑማት ሰባት ኣብ ጉጅለኣዊ ስራሕ ኣመና ኣድማዕቲ እዮም። ንሳቶም ምስ መሳርሕቶም ኣይገራጨዉን ጥራይ ዘይኮኑ፡ ካልኦት መሳርሕቶም ክገራጨዉ ወይ ክቀሓሓሩ እንከለዉ ቀልጠፍም ከተዓርቕምም ወይ ከሳጽዮም ተበግሶ ይወስዱ።

እታ ዝጠዘሉ ጥዑማት ሰባት ዝሓቖፈት ጉጅለ፡ ካብታ ብጊንጢታት ሰባት እተዓበለለት ጉጅለ፡ ኣብ ስራሕ ዝያዳ ኣድማዒት እንተ ኾነት ክንርመና ኣይግባእን። እታ ዝጠዘሉ ጥዑማት ሰባት ዝሓቖፈት ጉጅለ ንሓድሕዳ ከይተጓዳደዐት ሻማሻማ ኣላ ኑቲ ዕዮ ኣብ ሓጺር ግዜን ብዝበለፈ ኣገባብን እያ እትዛዝሞ። ብመንጽሩ እታ ብጊንጢታት ሰባት እተዓበለለት ጉጅለ፡ ንሓድሕዳ ክትጠማመት ክትብል ኣድማዒ ስራሕ ከየበርከተት እያ እትተርፍ።

እዚ ኣይኮነን ጥዑማት ሰባት ፈጺሞም ኣይገራጨዉን እዮም ከሰምዕ የብሉን። ንሳቶም ግርጭት ክጋጥሞም እንከሎ፡ ልዑል ናይ ምልዛብ ብቕዓት ስለ ዘለዎም፡ ንኽልቲኡ ወገን ብዘርብሕ ኣገባብ ይፈትሕዎ። የጉዳስ እቶም ጊንጢ ዝበሃሉ ሰባት፡ ግርጭት ክጋጥሞም እንከሎ ብሽመይ ከም ዝሰዓሩ እምበር፡ ተላዚቦም ብናይ ሓባር ዓወት ክፈትሕዎ ኣይሕልኑን እዮም።

ጥዑማት ሰባት ካብቶም ዘይጥዑማት ሰባት ንላዕሊ ተፈታውቲ ከም ዝኾኑ ርዱእ ነገር እዩ። ሓቂ እዩ ጥዑማት ሰባት ንዱዓት ሓለፍቲ ዘይኮኑ ይኽእሉ እዮም። ንዘኾነ ሰብ ክብድሉ ስለ ዘይደልዩ ኑቶም ኣብ ስራሖም ርኢይ ሽለልተኛት ዘርእዩ ሰራሕተኛታት፡ ብዙሕ ግዜ ብናይ ይቕረታ መንፈስ ክሓልፍምም ይረእዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ እቲ ስራሕ ክበደል ይኽእል።

ገለ ሰባት ኣብ እዋን ግርጭት መለሰም ይረስኑ። የጉዳስ ጥዑማት ሰባት፡ ኣብ እዋን ግርጭት ኑቡሶም ኣረጋጊኦም ብሽመይ ኑቲ ግርጭት ከም ዝፈትሕዎ እዮም ዘለሰሉ። ንሳቶም ንኻልኦት ኣብ ግርጭት ዝርከቡ ሰባት ከማኑ ከም መንኸኛ ወይ ኣተዓራቒ (peacemakers) ኩይናም ኣብ ምስራሕ ንሉዓት እዮም።

እቶም ጥዑማት ዘይኮኑ ሰባት፡ ምስ ካልኦት ተላዚቦም ንፍልልያም ካብ ምጽባብ፡ ካብቲ ጉዳይን ካብቶም ሰባትን ምርሓቕ ይመርጹ። ንሳቶም ኣብ ድሌቶም ወይ ረብሓኦም ጥራይ የድህቡ። ድሌቶም ምስ ድሌት ካልኦት ሰባት ዝራጸም ዋላ ይኹን፡ ኣብ ድሌቶም ጥራይ ጸቒጦም ብምስራሕ ንዘበኣስ ግርጭት ይዕድሙ። ከም ሳዕቤኑ፡ ዓርኩ መሓዙቶም ይኹኑ መሳርሕቶም ከም ሰሉዓት ይጸየንዎም።

ዘይጥዑማት ሰባት ንኻልኦት ብዓይኒ ጥርጣረ እዮም ዝርእዩዎም። ንሽሉ ካልእ ሰብ ከም ዘይእሙን ይቖጽሩዎ። እቲ ኻልእ ሕማቕ ባህርያቶም ምጉት ስለ ዝፈትዉ'ዩ። ተማጒቶም ክረትዑ እምበር፡ ተማጒቶም ኑቲ ሓቂ ክቕበሉ ኣይደልዩን። 'ትንፈር ኣይትንፈር ጠል እያ!' እንተ ኢሎምኻ እንታይ ክትብሎም ትኽእል?

ንሳቶም ምስ ዝፈልጥዎም'ኳ ዘይተሳዩ፡ ምስ ካልኦት ሓደስቲ ሰባት ተላልዮም ጽቡቕ ምሕዝነት ክፈጥሩ ምሕር ኣጸጋሚ'ዩ። ንዘኾነ ጋሻ ሰብ ተጉዳዶም እንተ ዘይኮኑም፡ ከቶ ክቐርብዎ ኣይደልዩን እዮም።

ኣብ ግዜ ህጻንነት ባህሪ ጥዑማት ሰባት ምምዕባል፡ ንሽዑን ንመጻኢ ህይወትካን ኣዝዩ ኣርባሒ'ዩ። ስነ ፍልጠታውያን መጽናዕትታት ከም ዘረጋገጽዎ፡ እቶም ጥዑም ባህሪ ዘለዎም ህጻናት ተማሃሮ፡ ካብ መማህርቶም ዝተሓተ ግዳያት ሽደድቲ ወይ ዓሎቕቲ (bullying) ይኾኑ። እቶም ጊንጢ ህጻናት ተማሃሮ ንኻልኦት መማህርቶም ዕድል ኣብ ዝረኽቡሉ ስለ ዝሽድድዎም፡ ንሳቶም'ውን ብተራኦም በቶም ግዳይ ዝገበሩዎምን ካልኦት መማህርቶምን ከም ዝጥቅዑ ርዱእ ጉዳይ እዩ።

ናይ ግዜ ህጻንነት ባህርና፡ ምኽና ክሃቢ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ። እቶም ኣብ ግዜ ህጻንነቶም እምኒ ኣልዒሎም ንመሳቱኦም ዝፈግሩ፡ ኣብ ግዜ ንእስነቶም ኣብ ባራት ጥርሙዝ ናይ በራ ኣልዒሎም ርእሲ መሳቱኦም ክጨድዱ ድሕር ዘይብሉ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

እቶም ኣብ ግዜ ህጻንነቶም ጥዑም ባህሪ ሓዙም ዝዓብዩ፡ ምስ ዓበዩ ተደናገጽትን ሊጋሳትን ይኾኑ። እቶም ምስ መሳቱኦም ከይተሳዩ ዝዓብዩ ግዱ ምስ ዓበዩ ሰሱዓትን ጨካናትን ይኾኑ። ንህጻናት ኣብ ኣተዓባብያኦም ልዑል ጥንቃቐ ክንገብረሎም ዘለና እምበኣር፡ ካብዚ እዩ ዝበገስ።

ጥዑማት ሰባት ኣብ ገዛእ ርእሶም ልዑል እምንቶ ኣለዎም። ከምቲ ንገዛእ ርእሶም ዝኣምኑ፡ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ልዑል እምንቶ የሕድሩ። ሓቂ እዩ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ልዑል እምንት ስለ ዘለዎም፡ ብገለ መታለልቲ ሰባት ሓያሎ ግዜ ግዳያት ይኾኑ እዮም። እንተኾነ ገለ ሰባት ስለ ዘታለልዎም፡ ባህርኦም ቀይሮም ንሽሉ ሰብ ብዓይኒ ጥርጣረ ክርእዩ ኣይመርጹን እዮም።

ዘይጥዑማት ሰባት ወትሩ ተጠራጠርቲ፡ ዘይእሙናትን ወይ ሓደኛታት እዮም። ዋላ ኑቲ ክሕግዞም ካብ ልቢ እተበገሰ ሰብ 'ካብይ ገለ ነገር ስለ ዝደለየ ክኸውን ኣለዎ ከምዚ ገይሩ ዝተሓጋገዘ ዘሎ።' ብምባል ብዓይኒ ጥርጣረ ርእዮም ኑቲ ሓገዝ ክሕሰሙዎ ይኽእሉ።

ጥዑማት ሰባት ግልጺ (Straightforward) እዮም። ምስ ካልኦት ሰባት ክዘራረቡ እንከለዉ፡ ብቑጥታን ብቕንዕናን ይረዳደኡ። ከም ውጽኢቱ ፈላጢኦም ምስኦም ከዕልል ይፈኽሶ።

እዚ ኣርእስቲ ኣብ ሞራላዊ ፍልስፍና ነዊሕ ታሪኽ ዘለዎ'ዩ። ሓያሎ ፈላስፋታት ካብ ቀደም ኣትሒዞም ክሰብ ሕጂ እናተቐባበሉ ዝ መጽናዕቲ ከዕምቑዎ ጸዒሮም እዮም። ሊቃውንቲ ስነ ልቦና እውን እንተኾኑ፡ ኣገዳሲነት እዚ ባህሪ ብዝዮየእ ተረዲኦም ብዙሕ ጽሒፎምሉን ምሂሮምሉን እዮም።

እቶም ብግልጺ ዘይዛረቡ ምስ ካልኦት ሰባት ድልዱል ዝምድና ክምስርቱ ምሕር ይጽገሞም። ንሳቶም ልዑል ርእሱምቅጻጻር እዮም ዝገብሩ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ናብ ምትላልን ምዕባልን ይህንደዱ።

ጥዑማት ሰባት ኣመና ርህሩሃት (altruist) እዮም። እዚ ዓይነት ባህሪ ብኣሉት ዘይምህላው፡ ርእሰ መሰዋእቲ፡ ልግሲ፡ ተገዳስነትን ምቕሉልነትን ክግለጽ ይከኣል።

ርህራሀ ምስ ኣምር ናይ ኣልፍረድ ኣደለር፡ 'ማሕበራዊ ተገዳስነት' (social interest) ተመሳሳሊ እዩ። 'ማሕበራዊ ተገዳስነት' ክበሃል እንከሎ፡ ንምምሕያሽ ሕብረተሰብካ ብውልቅኻ ገለ ነገር ምግባር እዩ። እቶም ዘይርህሩሃት ውልቀ ሰባት መብዛሕትኡ ግዜ ስነ ስርዓት ዘይብሎም፡ ሰሱዓትን ብኣሉት እተላዕለጡን እዮም።

እቲ ኻልእ መለለዪ ጥዑማት ሰባት፡ ምእዙዛት (compliant) ምዃኖም እዩ። ምእዙዛት ክንብል እንከለና፡ ንግርጭት ዘይብህጉ ማለትና ኢና። ምእዙዛት ሰባት ኣብ ልዕሊ ካልኦት ልዑል ኣኽብሮት ኣለዎም። ንሳቶም ኣብ ምትሕግጋዝ ስለ ዝኣምኑ፡ ኣብ ህይወቶም ብዙሕ ግርጭት ኣየጋጥሞምን እዩ። ዋላ እንተ ኣጋጢሞም፡ ኑቲ ግርጭት ንኽልቲኡ ወገን ብዘርብሕ ክፈትሕዎ ዝከኣሎም ይጽዕሩ።

ብመንጽሩ እቶም ዘይምእዙዛት ሰባት እንብሎም - ምሕር ኣጥቃዕቲ፡ ተጻባኢቲ፡ ተቓዋሚትን ቂመኛታትን እዮም።

*"ፍቕሪ ብምክፋል ጥራይ እዩ ዝዓቢ። ንኻልኦት ብዙሕ ብምሃብ ጥራይ ኢኻ ንነብስኻ ብዙሕ ክትረኽብ እትኽእል።" - ብርያን ትሬሲ*

*"ኩላትና ሰሉዓት ኳንና ስለ እተወለድና፡ ንርህራሀን ልግስን ግድን ክንምሃር ኣለና።" - ሪቻርድ ዳውኪንስ*

*. . . ይቕጽል*

# ተጻዋርነት ባክተርያ ኣብ ጸረ-ነፍሳት መድሃኒት፡ ኣሻቓሊ ብድሆ ንዓለማዊ ጥዕና!



ጸረ-ነፍሳት (Antimicrobials) ዝተባህሉ መድሃኒታት፡ ብባክተርያ ካብ ዝመጹ ሕማማት ወይ ረኽስታት ኣብ ምፍዋስን ምክልኻልን እንጥቀመሎም ዓይነት መድሃኒታት እዮም። ጸረ-ነፍሳት መድሃኒታት ንመጀመርታ ግዜ ዝተረኽቡ ኣብ 1928 ዓ.ም ኮይኑ፡ ሰር ኣሌክሳንደር ፍለሚንግ ዝተባህለ ስኮትላንዳዊ ተመራማሪ፡ ፐንስሊን ንዝተባህለ ጸረ-ነፍሳት መድሃኒት ከለልዮ (ክፈልዮ) ብምኽኣሉ እዩ።

ድሕሪ እዚ ርኽበት'ዚ፡ ኣብ ውሽጢ 20 ዓመታት ዘይመልእ ግዜ፡ ኣብ ስራሓት ሕክምናን መድሃኒትን ደርማስ ሞዕባለ ተመዝጊቡ፡ ካብ ፐንስሊን ብምብጋስ፡ብዙሓት ዓይነት ጸረ-ነፍሳት መድሃኒታት ክፈርዩ ክኢሎም። ጸረ-ነፍሳት መድሃኒታት፡ ኣብ ምፍዋስ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብዘተጻወትዎም ሕጂ እውን ብዘጻውትዎ ዘለዉን ተራ፡ ህይወት ሚልዮናት ደቂ-ሰባት፡ እንስሳታትን ኣትክልትን ኣብ ምድሓንን፡ ዕድመ ደቂ-ሰባት ኣብ ምንዋሕን ማዛኛ ኣልቦ ኣበርክቶ ብምግባሮም፡ ኣብ ዓውዲ ሕክምናን ስነ-መድሃኒትን ልዑል ክብሪ ይወሃቦም።

ኣብዚ እዋን ግና፡ እቶም ህይወት ሰብን እንስሳን ኣብ ምድሓን ልዑል ተራ ዝጻንሑም ጸረ-ነፍሳት መድሃኒት፡ ብሰንኪ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማና ወጻኢ-ት-ኣልቦ እናኾኑ ይመጹኡ ኣለዉ። እቲ ምኽንያት ድማ፡ ተርእዮታት ምምዕባል ተጻዋርነት ባክተርያታት ኣብ ልዕሊ ጸረ-ነፍሳት መድሃኒታት እናወሰኸ ብምኻዱ፡ ንዓለምና ዓቢ ጥዕናዊ ብድሆን ሻቕሎትን ኮይንዋ ይርከብ።

ባክተርያ፡ ኣብ ልዕሊ ጸረ-ነፍሳት መድሃኒት ተጻዋርነት ኣማዕቢሉ ክንብል እንከለና፡ እቲ ጸረ-ነፍሳት መድሃኒት ነቲ ባክተርያ ናይ ምቕታል ዓቕሙ ምስ ዝጎድል ወይ እውን ምስ ዘጥፍእ፡ ከም ሳዕቤኑ ከኣ እቲ ዝሓመመ ሰብ ወይ እንስሳ፡ ጸረ-ነፍሳት መድሃኒት እናወሰደ እንከሎ፡ ካብቲ ሕማም ክሓዊ ወይ ክላቐቕ ምስ ዘይክእል እዩ። እዚ ማለት ድማ፡ እቲ ባክተርያ ነቲ ጸረ-ነፍሳት መድሃኒት ተጻዊሩ ክነብር ክኢሉ ኣሎ ማለት እዩ።

ገለ መስርሓት ካብቲ ባክተርያታት - ንጸረ-ነፍሳት መድሃኒት ተጻዋርነት ኣብ ምጥራይ ዝጥቀምሉ ሜላታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

1. እቶም ባክተርያታት ፍሉይ ነዛዪ ወይ ምራቕ ብምድላው፡ ነቲ ጸረ-ነፍሳት መድሃኒት ከሎ ጌና ካብ ስራሕ ወጻኢ ብምግባር፡

2. እቲ ጸረ-ነፍሳት መድሃኒት፡ ባክተርያ ናብ ሰብነት ንኸይኣትው፡ ኣካላዊ ሽፋኖም ናይ ምሕላፍ ተኽእሎኡ ከም ዝቕየር ብምግባር፡

3. እቶም ባክተርያ፡ ንጠፍ ምንጻግ ጸረ-ነፍሳት መድሃኒት ካብ ደጋዊ ሽፋናቶም ብምክያድ፡

4. እቶም ባክተርያ፡ ኣብ ውሽጢ ኣካሎም ዝርከብ ጸረ-ነፍሳት መድሃኒት ዘጥቅዕዎ ቦታታት ብምቕያር ወይ ብምዕባስ፡

5. እቶም ባክተርያ፡ ዘኪይድዎ ሓፈሻዊ ውሽጣዊ መስርሕ ኣካሎም ብምልዋጥ፡

ስለ'ዚ እምበኣር፡ ባክተርያታት በዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ኣገባብት ወይ ሜላታት ብምክያድ፡ ተጻዋርነት ኣብ ልዕሊ ጸረ-ነፍሳት መድሃኒት ከማዕብሉ ይኽእሉ።

እቲ ኻልእ ዓቢ ጸገም ኣብ ምምዕባል ተጻዋርነት ባክተርያ ኣብ ልዕሊ ጸረ ነፍሳት መድሃኒት ድማ፡ ምትሕልላፍ ተጻዋርነት ዘጥረዩ ባክተርያታት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ወይ ካብ እንስሳታት ናብ ሰብ ክኸውን ይኽእል። መጽናዕትታት ከምዝሕብርዎ፡ ካብቲ ጠቕላላ ኣብ ዓለምና ዝፈሪ ጸረ ነፍሳት መድሃኒት እቲ 30 ሚእታዊት ኣብ ጠቕሚ ደቂ ሰባት ክውዕል እንከሎ፡ እቲ ዚተረፈ 70 ሚእታዊት ድማ ኣብ ምሕካም እንስሳታት ይውዕል። እዚ ማለት እቲ ዝበዝሐ ጸረ ነፍሳት መድሃኒት ካብ ኣብ ደቂ ሰባት ንላዕሊ ብኣገባብ ይኹን ብዘይኣገባብ ኣብ ጥቕሚ እንስሳታት ይውዕል ማለት እዩ።

ህይወት ወዲ ሰብን እንስሳታትን ኣብ ሓደ ኣከባብን ዝተኣሳሰረን ክሰብ ዝኾነ፡ እቲ ሓደ ነቲ ኻልእ ክጸልዎ ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ልዑል እዩ። ተጻዋርነት ዘጥረዩ ባክተርያታት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብኸመይ ይመሓላለፉ እንተደኣ ኢልና ድማ፡ ሓደ ሰብ ነቲ ዝተኣዘዘሉ ጸረ ነፍሳት መድሃኒት ብግቡእ እንተዘይወሰደዎ ወይ እንተኣቋሪጽዎ፡ ጸረ ነፍሳት ዝጻወሩ ባክተርያታት ኣብ ሰብነቱ ከማዕብል ይኽእል። ኣብ ገዛኡ እንተተቐሚጡ ንኣባላት ስድራቤቱን ንደቂ ከባቢኡን ከመሓልልፍ ይኽእል። ኣብ ሆስፒታል ደቂሱ እንተተሓኪሙ ድማ፡ ግቡእ ጥንቃቐን ምክትታልን እንተዘይተገይሩሉ ንኻልኦት ሕሙማትን ሰራሕተኛታት ሆስፒታልን ከተሓላልፍ ይኽእል።

ብኸምዚ ኣገባብ ተጻዋርነት ዘማዕበሉ ባክተርያታት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክመሓላለፉ ይኽእሉ።ካብእንስሳታት ናብ ሰብ ዝመሓላለፈሉ መንገዲ እንተርኢና እውን፡ እንስሳታት ሓሚመን ብበዓል ሞያ ሓኪም እንስሳ ዝተኣዘዘለን መድሃኒት ወይ ዋናታተን ብኢደዋዊናም ዝሁብወን ጸረ ነፍሳት መድሃኒት ብዘይ ኣገባብ እንተወሲደናኦ፡ ኣብ ውሽጢ ኣካላተን ጸረ ነፍሳት ዝጻወሩ ባክተርያታት ከማዕብላ ይኽእላ። እተን እንስሳታት ንመግቢ ኪንጥቀመለን እንተተሓሪደን እሞ እቲ ካብኣን ዝርከብ ስጋ ብግቡእ ከይበሰልና ወይ ድማ ከይዓቀብና እንተበሊዕናዮ ከኣ፡ እቶም ኣብ ልዕሊ ጸረ ነፍሳት መድሃኒት ተጻዋርነት ዘጥረዩ ባክተርያታት ክሓልፉና ይኽእሉ።

ብተወሳኺ እቲ ብልምዲ ንድኹዒ ሕርሻ ተባሂሉ ንጥቀመሉ ቀልቀል እንስሳታት ከም ዒባ፣ ፋንድያ. . . በቶም ተጻዋርነት ጸረ ነፍሳት መድሃኒት ዘማዕበሉ ባክተርያታት ተበኪሉ ስለዘሎ፡ እቲ ዝፈረየ ኣትክልቲ፡ ፍረታት ይኹን ኣሕምልቲ ንመግቢ ክውዕሎም እንከለና ክሓልፉና ይኽእሉ።

ብመሰረት ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም (WHO)፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብትሑት ገምጋም ኣብ ምሉእ ዓለም ዓመታዊ ኣስታት 700 ሽሕ ሞት ደቂ ሰባት ብሰንኪ ኣብ ልዕሊ ጸረ ነፍሳት መድሃኒት ተጻዋርነት ዘጥረዩ ባክተርያታት የጋጥም ኣሎ። ክሳብ 2050 ዓ.ም ኣድማዒ ሓባራዊ ስጉምቲ እንተዘይተወሲዱ እዚ ኣሃዝ ክብ ብምባል ዝበዝሐ ካብ ሃገራት ኣፍሪቃን ኤስያን ዝርከብዎም ክብ 10 ሚልዮን ሞት ደቂ ሰባት ክስዕብ ከምዝኽእል እቲ ውድብ የጠንቅቕ።

ስኮትላንዳዊ ተመራማሪ ኣሌክሳንደር ፍለሚንግ ኣብ 1945 ዓ.ም በቲ ጸረ ነፍሳት ርኽበቱ (ፐንስሊን) ንዝተዋህቦ ሽልማት ኖበል ክቕበል እንከሎ መደረ ኣሰሚዑ ነይሩ። “ምናልባት ጸረ ነፍሳት መድሃኒታት፡ ኣብ ኣብያተ-መሸጣ መድሃኒት ብዘሽጣ ሰብ ዝዕደግሉ ግዜ ይመጽእ ይኸውን። ሽዑ ገለ ዘይግዱሳት ሰባት፡ ትሕቲ ግቡእ ዓቐን መድሃኒት ብምውሳድን ብምቁራጽን፡ ነቶም ኣብ ሰውነቶም ዘለዉ ባክተርያታት ኣብ ልዕሊ ጸረ ነፍሳት መድሃኒታት ተጻዋርነት ንኸማዕብሉ ይሕግዝዎም ይኾኑ” ክብል ዝመሓለለፎ መልእኽትን መጠንቀቕታን፡ እንሆ ሕጂ ብሰንኪ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማን ሸለልትነትን ግዚኡ ኣኺሉ ንዓለምና ዓቢ ሻቕሎትን ብድሆን ኮይኑዋ ይርከብ።

ስለምንታይ እዩ ግና፡ ኣብዚ እዋን ምምዕባል ተጻዋርነት ባክተርያታት ኣብ ልዕሊ ጸረ ነፍሳት መድሃኒታት ዓለማዊ ጥዕናዊ ሻቕሎት ኮይኑ ዝርከብ? እንተደኣ ኢልና፡ ብውሕዱ ኣርባዕተ ነጥብታት ክቐምጥ ንኽእል ኢና፡

1. እቲ ባክተርያታት ንጸረ ነፍሳት መድሃኒታት ንምጽዋር ዘማዕብልዎ ዘለዉ ሓያሎ መስርሓት ወይ ሜላታት ቅልጡፍን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዓለማዊ ዝርጋሐኡ ኣሰካፊን ይኸውን ስለዘሎ፡

2. ብሰንኪ ምምዕባል ተጻዋርነት ባክተርያታት ኣብ ልዕሊ ጸረ ነፍሳት መድሃኒታት፡ ኣብ ሕክምና ደቂሶም ዝሕከሙ ሰባት ቀልጢፎም ኣብ ክንዲ ዝሓውዩ ኣብቲ ሆስፒታል ዝጸንሕሉ መዓልትታት ይናዋሕ'ሞ፡ ከም ሳዕቤኑ ዝዐበየ ወጻኢታት ገንዘብ ይሓይድ ብምህላዉ፡

3. ቀደም ሕጂ ብዙሓት ሕማማት ብቐሊሉ ብሓደ ዓይነት ጸረ ነፍሳት መድሃኒት ዝፍወሱ ዝነበሩ፡ ኣብዚ ግዜ ብሰንኪ ምምዕባል ተጻዋርነት ባክተርያታት ኣብ ልዕሊ ጸረ ነፍሳት መድሃኒታት፡ ነቶም ሕማማት ንምፍዋስ ካብ ክልተ ዓይነት መድሃኒት ንላዕሊ ይወሃቡ ስለዘለዉ፡ ወጻኢታት ምውሳኽ ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ዝሓመመ ሰብ'ውን ናብ ዘይተደልየ ጎድናዊ ሳዕቤን ናይቶም መድሃኒታት ክቓልዕ ስለዝኽእል፡

4. ምምዕባል ተጻዋርነት ባክተርያታት ኣብ ልዕሊ ጸረ ነፍሳት መድሃኒታት፡ ነቲ ውድብ ጥዕና ዓለም ዝሓንጸጾ ሸቶታት ሚለንዩም ኣብ ምውቃዕን ዘላቒ ምዕባለ ኣብ ዓውዲ ሕክምና ንኸብጽሕ ኣብ ዝገበሮ ዘሎ ጻዕርታት፡ ዓቢ ዕንቅፋት ይፈጥሩ ብምህላዎም።

ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብዚ ጉዳይ ምምዕባል ተጻዋርነት ባክተርያታት ኣብ ልዕሊ ጸረ ነፍሳት መድሃኒታት፡ ብዘይዳ ግብረ መልሲ ወይ ተበግሶ ክወስድ ዝጀመረሉ እዋን ኣብ 2014 ዓ.ም እዩ ነይሩ። ኣብቲ ዓመት ኣብ ዝተፈላለየ ክባቢታት ናይ ዓለምና እቲ ውድብ ኣብ ዘካየዶ መጽናዕቲ፡ ኣብቶም ልሙዳትን መብዛሕትኡ ግዜ ሕማማት ዘስዕቡልናን ዓይነት ባክተርያታት ቅልጡፍ ናህሪ ምውሳኽ ምምዕባል ተጻዋርነት ኣብ ልዕሊ ጸረ ነፍሳት መድሃኒታት ከምዘሎ ክየግዝእ ክኢሉ።

ኣብ 2015 ዓ.ም ኣብ ዝተኻየደ ዓመታዊ ዋዕላ እቲ ውድብ ድማ፡ እዚ ዓለማዊ ጥዕናዊ ሻቕሎት ዝፈጠረ ጉዳይ ቅልጡፍን ሓባራዊ ስጉምትን ክውሰድ መጸዋዕታ ቀሪቡ። ነቲ በቲ ውድብ ዝቐረበ መጸዋዕታ ምላሽ ብምሃብ ድማ፡ ኣብ 2016 ዓ.ም፡ 193 ኣባል ሃገራት፡ ነቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘውጽኦ ፕሮግራም ምምካት ኣብቶም ተጻዋርነት ኣብ ልዕሊ ጸረ ነፍሳት መድሃኒታት ዘማዕበሉ ዘለው ባክተርያታት ዘለወን ደገፍን ነቲ ሸቶ ንምውቃዕ ዘለወን ቅሩብነትን ተወፋይነትን ብኽታመን ኣረጋጊጸን። ኤርትራ ሃገርና፡ ሓንቲ ካብተን ነቲ ስምምዕ ኣብ ተግባር ንምውዓል ዝፈረማ ሃገራት ኢያ።

ኣብዚ እዋን ውድብ ጥዕና ዓለም ምስ ውድብ መግብን ሕርሻን (FAO) ከምኡ'ውን ምስ ውድብ ጥዕና እንስሳታት (OIE) ብምትሕብባር፡ ንምምዕባል ተጻዋርነት ባክተርያታት ኣብ ልዕሊ ጸረ ነፍሳት መድሃኒታት ንምምካት፡ “ሓደ ጥዕና ” ዝበል መርሕ ጭርሖ ብምኽታል ተሓባቢሮም ኣብ ምስራሕ ይርከቡ ኣለዉ። ኣብ ኤርትራ ድማ፡ ከም ኣባል ውድብ ጥዕና ዓለምን ኣካል ናይዚ ፕሮግራምን እዚ ሸቶ ንምውቃዕ፡ ካብ ብዙሓት እዚ ጉዳይ ብቐረባ ዝምልከተን ሚኒስትሪታት ማለት ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባብን፡ ሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳ፡ ካብ ኮለጃትን ቤት ጽሕፈት ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ኤርትራን ዝተዋጽኦት ኮሚቴ ኣብዚ ስራሕ ትተሓጋገዝ ከምዘላ ይፍለጥ።

***ፋርማሲስት ርግበል ብዱእ ኣምሳኽ***
***ወተሃደራዊ ሆስፒታል ደቀምሓረ***

***ምንጪ ጽሑፍ - ብኣሃዱ ምቍጽጻር መግብን መድሃኒትን ሚኒስትሪ ጥዕና ካብ ዝተዳለወ - እዋናዊ መወከሲ ጽሑፋት ዝተተርጎመ።***

## ብዘይ ኣማራጺ ንኽይንተርፍ!

ርኽበት መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ (antibiotics)፡ ሓደ ካብቶም ብሉጻት ዝኾኑ ኣብ ምዕባለ ዓውዲ ሕክምና'ዩ። መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ ዝበሃሉ ብዙሓት'ኳ እንተኾኑ፡ ከም ኣብነት ኣሞክሲሊን፡ ፐንሲሊን፡ ባክትሪምን ሲፕሮን ምጥቃስ ይካኣል። እዞም መድሃኒታት፡ ንብዙሓት ኣብ ግዜኦም ኣሰቓቒ፡ ቀተልቲ ዝነበሩ ብባክተርያ ዝስዓቡ ሕማማት - ከም ሕማም ቲቢ፡ ፈራ፡ ፍንጣጣ ወዘተ. ብቐሊሉ ንምፍዋስ ዘኽኣሉና'ዮም። ብተወሳኺ፡ መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ ኣብ ዝተፈላለዩ ሕክምናዊ መስርሓት ከም መጥባሕቲ ምዕራፍ ክፍሊ ኣካላትን ክኸስቱ ንዝኽእሉ ረኽስታት ኣብ ምክልኻል ዓቢ ተራ ይጻወቱ'ለዉ። እዞም መድሃኒታት፡ ካብ ጥዕና ወዲ-ሰብ ሓሊፎም፡ ኣብ ጥዕና እንስሳታትን ኣትክልቲን'ውን ልዑል ኣበርክቶ ይገብሩ ኣለዉ።

የግዳስ፡ ብዙሓት ካብዞም ህይወት ሰባት፡ እንስሳታትን ኣትክልቲን ኣብ ምድሓን ልዑል ኣበርክቶ ዝበርከቱ መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ፡ ብሰንኪ ዘይርትዓዊ ኣጠቓቕማና ካብ ስራሕ ወጻኢ ኮይኖም'ዮም። እዚ ኩነት፡ እቶም ባክተርያ ኣብ ልዕሊ'ዞም መድሃኒታት ተጻዋርነት ብምምዕባል ዝኸሰት ኮይኑ፡ ‘ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ’ ተባሂሉ ኺኣ ይጽዋዕ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስ ዓመታት ዝተረኽበ ሓድሽ ጸረ-ባክተርያ ብዘይምህላው፡ በዚ ኩነት ንዝተፈጥረ ዓለምለኻዊ ሻቕሎት ኣብ ኣስዎ ይርከብ። ከም ኣብነት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍሊ ዓለም ከምኡ'ውን ኣብ ሃገርና ዝርአ ዘሎ ንብዙሓት መድሃኒታት ተጻዋርነት ዘጥረየ - ንምፍዋሱ ኣጸጋሚ ዝኾነ ሕማም ቲቢ ዘስዕብ ባክተርያ ምጥቃስ ይካኣል። ብኸምዚ እንተቐጺልና፡ ኣብ ቀረባ መጻኢ ብዘይ ኣማራጺ ክንተርፍ ከም እንኽእል፡ ውድብ ጥዕና ዓለም የጠንቅቕ።

ነዚ ተርእዮ ንምቅላስ፡ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ሕብረተሰብ ሓላፍነት ስለ ዘለዎ፡ እጃምካ ንምብርካት እዞን ዝስዕባ ነጥብታት ተኸተል።

- ንኣኻ ተባሂሉ ዝተኣዘዘ መድሃኒት ጸረ-ባክተርያ፡ ንኣባላት ስድራኻ ይኹን መቕርብካ ኣይተካፍል። ጥዕናኻ ዝተመሓየሸ ኮይኑ ምስ ዝስመዓካ'ውን ‘ሕሸኹ’ ኢልካ መድሃኒትካ ኣይተቋርጽ።
- መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ ብበዓል ሞያ ጥዕና ምስ ዝተኣዘዘልካ ጥራይ ተጠቐመሎም። ኣብ ዘድልዩኻ እንተ ተጠቒምካሎም፡ ኣብ ዘድልዩኻ ኣይክጠቕሙኻን እዮም።
- በዓል ሞያ ጥዕና፡ መድሃኒት ጸረ-ባክተርያ ከም ዘድልየካ ምስ ዝሕብረካ፡ ንምኽሩ ዕሽሽ ኢልካ ብዝኾነ ርእሰኻ ኣይትጠቐም። ድሕሪ ግዜ ባዕሉም ዝሓውዩ ሕማማት ከም ዘለዉ ምዝካር ኣገዳሲ'ዩ።
- በዓል ሞያ ዘይኣዘዞ መድሃኒት ጸረ-ባክተርያ ንእንስሳ ኣይትሃብ። ብበዓል ሞያ ምስ ዝኣዘዘ ግን ብግቡእ ዓቐንን ንዝተባህሎ ግዜን ብዘይ ምቁራጽ ሃብ። በዓል ሞያ ዘይኣዘዞ መድሃኒት ጸረ-ነፍሳት'ውን ኣብ ዘራእቲ ኣይትጠቐም!
- ኩሉም ዓይነት ረኽስታት ብመድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ ይፍወሱ'ዮም ማለት ኣይኮነን። ስለዚ ኩሉም ቫይረስ ንዝጠንቆም ሕማማት ከም ጉንፋዕ/ሰዓል፡ ኩርፊስ፡ ዌልቶም ወዘተ. ጸረ-ባክተርያ ኣይትጠቐም።
- ተረፍ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝተኣዘዘልካ መድሃኒት ጸረ-ባክተርያ፡ ንኣኻ ይኹን ንእንስሳትካ ኣይትጠቐም።
- ጽሬት ሰብነትን ኣከባብን ብምሕላው ከምኡ'ውን ስሩዕ ክታበት ብምውሳድ፡ ካብ ሕማም ብምክልኻል፡ ተጠቃምነት መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ ኣጉድል።

***ስለዚ . . . . ምውሓስ መጻኢ ፈዋስነት መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ - ሓላፍነት ኩልና'ዩ!***


## ግድል ስትሪምኮ

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

እዚ ጸወታ ወይ ግድል "ስትሪምኮ" ይብሃል። ንሰዶኮ ዝመስል ጸወታ እዩ። እዚ ብግራባርቻክ ዝተባህሉ ሰድራ ዝተማህዘ ኩይኑ፡ ኣብ ክልሰ-ሓሳባት ትርብዒት - ናይ ላቲን ፈላጥ ስነ-ቍጽሪ ሊዮናርዶ ኢለር (18 ክፍለ-ዘመን) ዝተመርኰሰ እዩ።

ኣገባብ ኣጸዋውታኡ፥ ኣብዛ ትርእዩዋ ሰደቓ፡ 6ተ ብ6ተ ዝተሰርዓ ዓንኬላት ኣለዋ። እዘን ዓንኬላ ቍጽሪታት እየን ዝሕዛ። ካብ 1 ክሳብ 6 ድማ ይምልኣ። ካብ 1 ክሳብ 6 ዘለዉ ቍጽሪታት ንትኹልን ንጋድምን ልክዕ ከም ሰዱኮ ክድገሙ የብሎምን። ኣብቶም ብመስመር ተራኺቦም ዘለዉ ዓንኬላት'ውን ክድገም የብሉን።

(መልሲ፡ ካብ 1 ክሳብ 6 ዘለው ቍጽሪታት ንትኹል፡ ንጋድምን ብሕንጻጽ ተታሓዚዞምን ኣብ ዝርከቡ ዓንኬላት ክድገሙ የብሎምን።)




## እንግሊዝኛ Common Mistakes

ምስ እንግሊዝኛ ዝተሓሓዙ ትምህርታዊ ትሕዝቶ

USING A WRONG PREPOSITION

1. Exchange for, not by.

Don't say: They exchanged wheat by machinery.

Say: They exchanged wheat for machinery.

NOTE. Also "inexchange for": as, "He gave his old car in exchange for a new one."

2. Fail in, not from.

Don't say: He failed from mathematics last year.

Say: H failed in mathematics last year.

3. Full of, not with or from.

Don't say: The jar was full with (or from) oil.

Say: The jar was full of oil.

NOTE. But "fill" takes "with": as, "He filled the glass with water."

4. Get rid of, not from.

Don't say: I shall be glad to get rid from him.

Say: I shall be glad to get rid of him.

5. Glad of or about, not from or with.

Don't say: I am glad from (or with) the news.

Say: I am glad of (or about) the news

NOTE. But a person is "glad at" a result: as, "He is glad at having received a good mark."

***

Source: COMMON MISTAKES IN ENGLISH

## ቀዳመይቲ ሰዓት



ክሳብ 1900 ዓ.ም. ሰዓት ኣብ ጁባ ናይ ሰረ እዩ ዝነበረ ሰፈራ። ከም ዝዕለሉ፡ ስዊዘርላንዳዊ ሰራሒ ሰዓት ኣብ ሓደ መናፈሻ ሓንቲ ሰበይቲ ሰዓታ ኣብ ኢዳ ኣሲራ ብኽልተ ኢዳ ብዘይጸገም ደቃ ሒዛ ክትሓልፍ ርእዩዋ። እዚ ምስ ረኣየ ብ1790 ዓ.ም. ሰዓት ኣብ ኢድ ከም እትእሰር ገይሩ ሰሪሑዋ። እንተኾነ እዚ ስርሑ ጠመተ ከይተዋህቦ ሓደ ዘመን ሓሊፉ። ብ1914 ዓ.ም. ናይ ኢድ ሰዓት ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ ሓደ ኤግዚቢሽን ምስ ቀረበት ሰባት ክድነቑላ ተራእዮም። ሎሚ ኣብ ዓመት ብውሑዱ 80 ሚልዮን ሰዓታት ይፈርያ ኣለዋ።

# ጽርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ስነቀመም — ካርቦን ኣይሶቶፕ

ምስ ኬምስትሪ ዝተሓሓዘ ትሕዝቶ

ሰደቓ ባእታታትና (Periodic table) እሞ ንቐርብ!

ኣብ ሰደቓ ባእታታት ተቐሚጦም ዝርከቡ ባእታታት ኵሎም ብኣቶማዊ ቍጽሮም ተሰሪዖም ንረኽቦም። ኵሉ ኣቶማዊ ቍጽሮም ከኣ ምሉእ ቍጽሪ እዩ። እቲ ብላዕሊ ተጻሒፉ ንረኽቦ ካብ ጸጋም ናብ የማን 1፡ 2፡ 3፡ 4፡... እናበለ ተቐሚጡ ኣሎ፣ 1 ሃይድሮጅን፡ 2 ሄልየም፡ 3 ሊትየም፡ 4 በርሊየም....። ብታሕቲ ወገን ተቐሚጡ ዘሎ ቍጽሪታት ከኣ ኣቶማዊ ርዝነት እዩ። ኣብ ዝበዝሑ ባእታታት እንተ ተዓዚብና ኣቶማዊ ርዝነቶም ምሉእ ቍጽሪ ኣይኮነን። ናይቶም ዝበዝሑ ምኽንያት እቶም ባእታታት በበይኑ 'ኣይዞቶፕስ' ስለ ዘሎዎም እዩ።

ናይ ሓደ ባእታ ኣቶማት እተፈላለየ ርዝነት ክህሉዎም እንከሎ ኣይዞቶፕስ ንብሎም። ሓደ ባእታ ሰለስተ ኣይዞቶፕስ እንተ ደኣ ኣሎዎ ኩይኑ፣ እዞም ሰለስተ ኣይዞቶፕስ ብምድማር ንሰለስተ ተመቒሎም ውጽኢቶም፡ ገምጋም ኣቶማዊ ርዝነት ናይቲ ባእታ ይኸውን። ስለዝኾነ ኸኣ ናይ ዝበዝሑ ገለ ነጥቢ ገለ ተባሂሉ ዝጽሓፍ።

ካርቦን ሓደ ካብቶም ልዕሊ ሓደ ኣይዞቶፕስ ዘሎዎ ባእታ እዩ። ካርቦን 12፡ ካርቦን 13ን ካርቦን 14 ዝባሃሉ ሰለስተ ኣይዞቶፕስ ኣለዎ።

ኣቶማት እተፈላለይ ርዝነት ክህሉዎም እንከሎ እተፈለየ መልክዕ ክህሉዎም ይኽእል። ንኣብነት ሓደ ፊዚካላዊ ለውጢ ዘሎዎ፡ መስርሕ ምውዓይ ማይ ንርአ። ማይ ክሳብ ዝሃፍፍ ፈሊሑ ኣሎ። ማይ ናብ ሃፋ ዝቐየረሉ ነጥቢ፡ ፊዚካላዊ ምፍልላይ ናይ ዝኸበደን ዝፎኹሰን ኣብቲ ማይ ናይ ዝርከብ ኣይዞቶፕ ኦክሲጅን እዩ ዘርኢ። እቲ ዝፎኾሰ ኦክሲጅን ክሃፍፍ እንከሎ፡ እቲ ዝኸበደ ኸኣ ኣብ ፈሳሲ ማይ ይጸንሕ።

ኣብ ጂኦሎጂ (ስነመሬት) ኣይዞቶፕስ ብእተፈልየ መገዲ እዩም ዘገልግሉ። ገለ ኣይዞቶፕስ ሬድዮኣክቲቭ ኩይኖም ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ምስ ቦኸቦኽ ናይ ካልእ ባእታ ኣይዞቶፕስ ይፈጥሩ። እዚ ባህሪ ናይዞም ኣይዞቶፕስ ናይ ዝኾነ ነገር ዕድመ ንኽትፈልጥ ይሕግዝ። ኣብ ጂኦኬምስትሪ'ውን ዓቢ ግደ ይጻወት።

ብዙሓት ባእታታት ግን ዘይቀያየሩ ኣይዞቶፕ ዘሎዎም ኩይኖም ከምቶም ሬድዮኣክቲቭ ናብ ብኾባኾ ምስ ተቐየሩ ናብ ካልእ ኣይዞቶፕ ናይ ካልእ ባእታ ኣይቕየሩን። እዚኦም ስቴብል ኣይዞቶፕ ዘሎዎም ከኣ ኣብ እተፈላለዩ መስርሓት ስነመሬት፡ ጂኦከሚካል ኣሰር ኣጻብዕቲን በበይኑ ውህደታት ንኽለልን ይግልገለሉ።

ናይ ካርቦን ኣይዞቶፕስ ከኣ ንኽልተኦም ዓይነት ኣይዞቶፕስ የጠቓልሉ። ካርቦን 14 ሬድዮጀኒክ ክኸውን እንከሎ፡ ካርቦን 12ን 13ን ከኣ "ስቴብል" እዮም።

ካርቦን 14 ብኽልተ መገዲታት ክርከብ ይኽእል። 1. ኣድማሳዊ ጨራ ኣብ ጠፈርና ዝርከቡ ኣቶማት ካብ ንሓድሕዶም ከም ዝነጻጸሉ ክገብርዎም እንከሎ ይፍጠር። ኒዩትሮናት ናይቶም እተፈንጨሉ ኣቶማት ናብ ካልኦት ሚለኩላት ብምኻድ ይወሃሃዱ። ሓደ ኒዩትሮን ምስ ናይትሮጀን 14 ኣቶም ምስ ዝወሃሃድ ውጽኢቱ ካርቦን 14 እዩ።

$^{14}N$ + neutron ® $^{14}C$ + proton

እቲ ካልኣይ መገዲ ኸኣ ሰብ ብዝፈጥሮም ውህደታት ክፍጠር ይኽእል። ዝበዝሐ ካርቦን 14 ብ1950 ኒዩክሌሳዊ ቦምባ ክፍተን እንከሎ እተፈጥረ እዩ።

ሚለን - ሓጋዝ




## ድፍኢትኩም ናበይ'ዩ ዝንውንወኩም

ኵሉ ሰብ ናቱ፡ ብውሽጡ ዝደፍኦ ነገር ኣሎዎ። እቲ ዝደፍእ ሓይሊ ናብ ሓደ ንጥፈት፡ ፍልጠት ወይ ዝንባለ ዝደፍእ ክኸውን ይኽእል። ንገለ ናብ ተክኖሎጂያዊ ኣቓሑ ይደፍኦ፣ ንገለ ናብ መካኒካዊ ነገራት ከም ዝምሰጥ ይገብሮ፣ ንገለ ምስ ህይወታውያን ኵቱር ፍቕሪ ክህሉዎ ይድርኾ፣ ንገለ ኸኣ ብታሪኽ ልቡ ከም ዝሰረቕ ይገብሮ።

ብወገነይ ካብ ዕድመ ኵትትናይ ኣትሒዘ ሓረጋት ወለዶይ ኣብ መዝገበይ ምስናድ ኣዝዩ ይምስጠኒ ነይሩ። ዝሓለፍኩዎ ዓዲ ስማን ኣመጻጽኣ ታሪኻን ምስማዕ እፈቱ ነይረ። በዚ ዝንባለይ ርእዩ ብዛዕባ ስነሰብ፡ ስነጥንቲን ታሪኽን ከጽንዕ ዝምዕደኒ ሰብ ኣሎኒ። ስለዝተመዓድኩ ኣይኰንኩን፣ ብሓሳበይ'ውን ምርጫይ ካብኣን ዝሓልፍ ኣይመስለንን። ሓደ ሓደ እዋን፡ "እቲ ዝምባለኺ ፈቲኺ ጸሊእኪ ክትስዕብዮ ኢኺ። ብትምህርቲ እትውድእሉ ዓውዲ ግን ካብኡ እንተ ተፈልዩ፡ ብዓልቲ ክልተ ክእለት ወይ ሞያ ክትኮኒ ትኽእሊ ኢኺ፡" ብምባል ትምዕደኒ ሰብ'ውን ኣላትኒ። ድፍኢተይ ግን ንዝምባለይ ክሰዕብ ይነግረኒ። ንስኻትኩም'ውን ናትኩም ክትገብሩዎ ቃሕ ዝብለኩም ከም ዘለኩም ርግጸኛ'የ። ኣብ ትምህርቲ በየናይ ዓውዲ ክትዓብዩ ትደልዩ ትኾኑ? እቲ ትሓስቡዎ ዘለኹም ብመገዲ እዛ ዓምዲ ጌርኩም ከተዕልሉኒ እዕድመኩም።

ኢልሃም ፈረጅ - ከረን

## እንዶታት

* ኣገባብ ኣጸናንዓ

ግራት ኣበዩናይ ወቕቲ ይሕረስ፡ ይዝራእ፡ ይጽህን ይዕጸድን ዘይፈልጥ ኣይሓረስታይን፣ መዓስን ብኸመይን ከም ዘጽንዕ ዘይፈልጥ ከኣ ኣይተመሃራይን። መጽናዕቲ እንታ እንኮ መገዲ ናይ ሓደ ተመሃራይ'ያ። ንመጽናዕቲ እትትክእ ካልእ ጥበብ የላን። ዝኾነ ተመሃራይ ከኣ ተማሃራይ ዘብሎ ንኽማሃር ዝገብሮ ቃልሲ'ዩ። ዝበዝሐ ተመሃራይ ብርግጽ የጽንዕ ይኸውን። ግን ከኣ ኵሉ ዘጽንዐ ዕውት ኣይከውንን። ገለ ኸኣ ብኸመይ ከም ዘጽንዕ ኣይፈልጥን ይኸውን። ኵሉ ሰብ ሓደ ኣይኮነን። ስለዚ እተፈላለየ ኣገባብ ኣሰራርሓ ኣሎዎ። እዘን ዝስዕባ ነጥቢታት ኣብቲ እንጥቀመሉ ዘለና ኣገባባ ኣጸናንዓ ክሕግዛ ዝኽእላ እየን።

- ኣብ ክፍሊ ዝተመሃርናዮ ካብ ዝኸሪና ከይሃሰሰ እንከሎ ብውዕዩ ኣብ ገዛ ምስ ኣተና ንድገሞ።

- ሓደ ኵንታል ብሓንሳብ ክንሰከም ኣይከኣለናን ይኸውን፣ ኵንታል እናመቓቐልና ግን ክንሰከም ንኽእል። ኵሉ እተመሃርናዮ ምዕራፋት ኣብ ድሮ ፈተና ከንጽንዖ ኣይንፈትን። በብመዓልቱ ከም ኣባልዓ ሓምሳ ከነጽንዖ ይግባእ።

- መጽናዕቲ ቅድሚ ምጅማርካ መጽሓፍካ፡ ኖት ዝሓዝካሉን ናይ ዕዮታትን ጥራዝካ፡ መሕሰቢኻን ካልእ ዘድሊየካ ነገራትን ቀርብ።

- ንመጽናዕቲ ምቹእ ዝኾነ ቦታ ምርጽ። ጽምው ዝበለ፡ እኹል ብርሃን ዘሎዎ፡ ካብ ዓራትና ወጻኢ ክኸውን ይምርጽ።

- በቲ ኣገዳሲ እንብሎ ሓበሬታ መጽናዕትና ንጀምር።

- ገለ ኣርእስቲታት ኣዝዮም ዓቕቲ ክኾኑ ይኽእሉ። ኵሉ ብሓንሳብ ኣዳቒቕና ዘይፈለጥናዮ ኣይንበል። ቅድም ሓፈሻዊ መልእኽቲ ንፍለጥ፡ ሸዑ ናብ ዝደቀቐ መረዳእታ ክንወርድ ኣይጽግመናን እዩ።

- ኣብ ክፍሊ ኖት ምሓዝ ንሃልኪ መጽናዕትና የጉዱሎ። እና'ጽናዕና እቶም ኣገደስቲ ኣምራት ጸሚቕና ክንሕዞም የገድስ'ዩ።

- ኣብ መጽናዕትና፡ ጸጺሕና ከነዕርፍ ኣገዳሲ'ዩ። ምኽንያቱ ኣእምሮና እቲ ኣብ መጀመርታን መወዳእታን ዘንበብናዮ፡ ዝያዳ እቲ ኣብ መንጎ ዘሎ ዘጽናዕናዮ ስለ ዝዕቅቦ።

- ገለ ሰብ ድሕሪ ፈተና ዘጽንዑዎ ዘይዝክሩ ተመሃሮ ይገጥሙኹምዶ? ካብዚኦም እቶም ዝበዝሑ ኣብ ድሮ ፈተና ብሓንሳብ ኣብዚሖም ዘጽንዑ እዮም። ዝበዝሑ ንፋዓት ዝብሃሉ ተመሃሮ ኸኣ ናይ ዓሚ እተማሃሩዎ ክዝክሩዎ ይገጥሙና። ዝበዝሑ ካብዚኦም በብግዚኡ ዘጽንዑ ዝነበሩ እዮም። እቲ በብመዓልቱ እነጽንዖ ቀስ ኢሉ ዝኣቱን ድሕሪ ነዊሕ እዋን ተዘኪሪን እዩ። እቲ ዳም-ዳም ኢልና ነጽንዖ ግን ድሕሪ ፈተና ጠፋኣይ እዩ።

- እነጽንዖ ዘለና ምዕራፋት ንርደኦ ምህላውና ነረጋግጽ። ኣንቢብና ክንዝክሮ ንኽእል እንተ'ኼይና ጥራይ ኣይንፈትን። ብግቡእ እንተ ተረዲእናዮ ምዝካሩ ኣይከብደን እዩ።

- ንጉጅለ ከነጽዕ እንተ መሪጽና፡ ንፈተና ብጥንቃቐ ዝጥምቱዎን ዝሕልውዎን፡ ኣጽኒዖም ክበጽሑዎ ዝደልዩ ሓደ ዝጭብጥ ራኢ ዘለዎም ክኾኑ ይምረጽ።

- ዝሑል ሙዚቃ ምስማዕ ንናይ መጽናዕቲ ስልቻው ከጉድል ይኽእል እዩ።

- ከነጽንዕ ዝምችኣና ግዜ ከነለልዮ ይግባእ። ገለ ለይቲ ተንሲኡ ከጽንዕ እንከሎ፡ ገለ ኸኣ ኣይክእል። ስለዚ ከተጽንዕ ዝምችኣካ ግዜ ብግዜ ቀትሪን ለይትን ኣለሊኻ ምፍላጥ የድሊ።

ማክዳ ትንሱእ

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## መሲ ሽልማት ባለን ዲ ኦር ዓቲሩ ይበሃል ኣሎ


© Getty Images

ኣርጀንቲናዊ ኣጥቃዓይ ሰጸኛዊት ባርሰሎና ሊዮኔል መሲ ንሽልማት ባለን ዲ ኦር 2019 ከም ዝተዓወተሉ ማዕከናት ዜና ሰጸኛ የጋውሓ ኣለዋ። ብመሰረት እተን ማዕከናት ዜና ዝዘርገሕኦ ዘለዋ ሓበሬታ፡ መሲ ኑቲ ሽልማት ከም ዝተዓወተሉ ሓበሬታ ረኺቡ ኣሎ።

ሙንዶ ዲፖርቲቮ ኣብ ዓምድታታ ኣስፈሪሖቶ ከም ዘላ፡ ዋላ'ኳ ሽልማት ባለን ዲ ኦር ዝመጽእ ሰኑይ 2 መስከረም ብወግዒ ዝንገር እንተኾነ ሓንቲ ጉጅለ መጽሔት ኩዕሶ እግሪ ፈረንሳ ግን ኑቲ ተጻዋታይ ንምብሳር ናብ ባርሰሎና ከም ዝኣተወት ተፈሊጡ'ሎ። ወዲ 32 ዓመት ሊዮኔል መሲ ምስ ኣጥቃዓይ ኢጣሊያዊት ጁቬንቱስ ክርስትያኖ ሮናልዶን ተኸላኻላይ እንግሊዛዊት ሊቨርፑል ቫን ዳይችን ንናይ ሎሚ ዓመት ሽልማት ባለን ዲ ኦር ተሓጸዩ ከም ዝጸንሐ ይፍለጥ።

መሲ ዝሓለፈ ወቕቲ ንዓሰራይ ግዜኡ ዋንጫ ላ ሊጋ ኣብ ዝዕተረሉ፡ ካብ 36 ጸወታታት እቲ ሊግ 36 ሸቶታት ከመዝገብ ከሎ 13 ኸኣ ሸቶ ዝኾና ኩዕሶታት ከም ዝሰረሐ መዛግብቲ ላ ሊጋ ሰጸኛ ይሕብሩ። ይኹን'ምበር ሆላንዳዊ ቫን ዳይች፡ ሊቨርፑል ንብሉል ጋንታታት ኣህጉር ኤውሮጳ ክትከውን ብዘበርከቶ ኣስተዋጽኦ ዓቢ ግምት ክወሃቦ ጸኒሑ'ዩ። ቫን ዳይች ኣቐዲሙ ንሊዮኔል መሲን ክርስትያኖ ሮናልዶን በሊጹ ሽልማት ዝበለጸ ተጻዋታይ ኤውሮጳ 2019 ከም ዝዕተረ ኣይርሳዕን። ፖርቱጋላዊ ክርስትያኖ ሮናልዶ ብወገኑ፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ምስ ጁቬንቱስ ኮይኑ ጽዋእ ሰሪ ኣ ኢጣሊያ ኣብ ርእሲ ምዕታሩ ንሃገሩ'ውን ተዓዋቲት ኔሽንስ ሊግ ክትከውን ኣኽኢሉዋ'ዩ።


ኣጥቃዓይ ፈረንሳዊት ፒኤስጂ ኪይላን ምባፐ ኣቐዲሙ ዝ ናይ ሎሚ ዓመት ሽልማት ባለን ዲ ኦር መሲ ክዕውተሉ'ዩ ዝብል ገምጋም ከም ዘለዎ ገሊጹ ኔሩ'ዩ። ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል ጀርገን ክሎፕ ብዘዕባ'ዚ ሽልማት ኣብ ዝተሓተተሉ "ሽልማት ባለን ዲ ኦር ንዝበለጸ ተጻዋታይ እዚ ወለዶ ዝወሃብ እንተደኣ ኮይኑ ኩሉ ግዜ ሊዮኔል መሲ'ዩ ክወስዶ። እቲ ሽልማት ንዝበለጸ ተጻዋታይ ናይ ዝሓለፈ ወቕቲ ዝወሃብ እንተደኣ ኮይኑ ግን ንቫን ዳይች ዘርክቦ የለን ክብል" ርእይቶኡ ሂቡ'ሎ።

ሊዮኔል መሲ ዝሓለፈ ወርሒ ዝበለጸ ተጻዋታይ ፊፋ ኮይኑ ከም ዝተሸለመ ይዝከር። ኣኸፋፋሊ ሪያል ማድሪድ ሉካ ሞድሪች ኣብ 2018 ዝ ሽልማት ከም ዝበቐዐ ኣይርሳዕን። ቡቲ ኮይኑ ቡቲ ቅድሚ እቲ ወግዓዊ ሽልማት ናይ ምዕዳል ስነ ስርዓት ሊዮኔል መሲ ዕዉት ከም ዝኾነ ምግዋሑ ንመቕረት እቲ ሽልማት ዘጥፍእ'ዩ ይብሉ ብዙሓት ወገናት። ብናይ ኩዕሶ እግሪ መጽሄት ፈረንሳ ዝወሃብ ሽልማት ባለን ዲ ኦር፡ ዝመጽእ ሰኑይ'ዩ ኣብ ከተማ ፓሪስ ክወሃብ። እዚ ከምዚ'ሉ ከሎ፡ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ወቕቲ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ባርሰሎና ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ብሊቨርፑል 4ብ0 ድሕሪ ምሕፋራ መሲ ናብ ነይማር ናይ ልመና መልእኽቲ ከም ዝሰደደ እዛ መጽሔት ሓቢራ።

መሲ ድሕሪ'ዚ ግጥም ናብ ነይማር ኣብ ዝሰደዶ ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ "ክልቴና ብሓንሳብ ኮይንና ጥራይ ኢና ጽዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ክንወስድ ንኽእል። ናብ ባርሳ ክትምለስ ይደልየካ ኣለኹ። ኣነ ድሕሪ ክልተ ዓመት ክፋኖ'የ። ንስኻ ድማ ንቦታይ ክትትክኦ ኢኻ" ኩብል ከም ዝጸሓፈሉ'ያ እዛ መጽሄት ኣብ ዓምድታታ ኣስፊራ ዘላ። በዚ ኸኣ መሲ ኣብ ምውዳእ ናይዚ ወቕቲ ካብ ባርሰሎና ከይወጽእ ደገፍቲ እዛ ጋንታ ይሰግኡ ኣለዉ።

ዳይረክተር ኩዕሶ እግሪ ባርሰሎና ኤሪክ ኣቢዳል፡ ብራዚላዊ ነይማር ናብ ባርሳ ዝመጻሉ ኩነታት ገና ክፉት ከም ዘሎ'ዩ ዝገለጸ። ኣብ 2017 ኩበረወሰን መሰርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ዓለም ብምስባር ብ198 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ፒኤስጂ ዝተሰጋገረ ነይማር፡ ኣብ ክራማት ናብ ባርሳ ክምለስ'ዩ እናተባህለ ብሰፊሑ ከም ዝተዘርበ ኣይርሳዕን። ወዲ 27 ዓመት ነይማር ናብዛ ካታላናዊት ጋንታ ክምለስ ከም ዝደሊ ብወግዒ ተዛሪቡ ምንባሩ ይዝከር።

## ቴሪ ኣብ ናይ ሕልሚ ጋንታ ዘይምእታዉ ይቕጣዕ



ናይ ቅድም ሓለቓ ጋንታ ቸልሲ ናይ ሕጂ ተሓጋጋዚ ኣስቶንቪላ ጆን ቴሪ፡ ኣቡታ ብጋሪ ኸቢልን ጂሚ ካራገርን ዝወጸት ናይ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመት ዝበለጸት ጋንታ ፕሪመር ሊግ ዘይምእታዉ ከም ዘቑጠዖ ይግለጽ ኣሎ። ግጥም ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመት ብዙሓት ብሉጻት ናይ ማእከል ተኸላኸልቲ'ኳ እንተረኣየ፡ ጂሚ ካራገርን ጋሪ ኸቢልን ግን ኣቡታ ዘወጽኡዋ ናይ ሕልሚ ጋንታ፡ ንቫን ዳይችን ቪንሰንት ኮምፓኒን'ዮም ክመርጽዎም ክኢሎም።

እዞም ኣብዚ እዋን ከም ተንተንቲ ዝተፈላለዩ ግጥማት ኮይናም ዝዋጹ ዘለዉ ኸቢልን ካራገርን ኣብ ካልእ ቦታታት ክፈላለዩ'ኳ እንተኾኑ ኣብዞም ናይ ማእከል ተኸላኸልቲ ግን ብሓደ ድምጺ ክሰማምዑ ብምኽኣሎም'ዩ ቴሪ ከም ዝተቐጥዐ ዝግለጽ ዘሎ። ካራገር፡ ተኸላኻላይ ሊቨርፑል ቫን ዳይች ኣብ ዝመጽእ ዓመት ብኸፍሚ ዘለዎ እንተደኣ ቀጺሉ ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ ብቕዓት ተኸላኻሊ ክስነድ'ዩ ዝበለ።

ጆን ቴሪ ሪዮ ፈርዲናንድን ቪዲችን ኣብዚ ዝርዝር ዘይምእታዎም ብዙሕ ዘረብታት'ኳ እንተልዓለ ሰለስቲኦም ካብ ድሕሪ 2010 ቅድሚ 2010 ደብልጹ ኔሮም ዝበል መንቶ ግን ብሰፊሑ ዓብሊሉ'ሎ። ጆን ቴሪ ብመንገዲ ኢንስተግራም ጌሩ ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ፡ "ፍሱ ወከፍ ደቒቕ ናይ ጸወታ'የ ተጻዊተ። ከምዚ ዝበሉ ኸኣ ሓሙሽተ ተጻወትቲ ጥራይ'የም ዘለዉ" ክብል ጽሒፉ'ሎ። ንሱ ብዘወሃኸ ኣብቲ መልእኽቱ ምስ ቸልሲ ኮይኑ ንዝዕተሮ ወናጨ ዝገልጽ ስእልታት'ውን ዘርጊሑ'ሎ። ቴሪ ምስ ቸልሲ ኣብ ዝበረሉ ግዜ፡ ሰለስተ ግዜ ጽዋእ ፕሪመር ሊግ ከም ዝዕተረ ይዝከር።

ቫን ዳይች፡ ዝኾነ ናይ ፕሪመር ሊግ ዋንጫ ከይዓተረ ዝ ተጻዋታይ ክበልጾ ምኽኣሉ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ነውጺ ፈጢሩ'ሎ። ገለ ገለ ወገናት፡ ቴሪ ኣብ ዓሰርተታት ዓመት ዘይተጻወቶ ቫን ዳይች ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት በጺሕዎ'ዩ እናበሉ ርእይቶኦም ክሰፍሩ ከለው፡ ካልኦት ከኣ ቴሪ ካብ 2000 ክሳብ 2010 ኣብ ትሰርዑ ናይ ሕልሚ ጋንታ ፕሪመር ሊግ ዘውዳደር የለን በሃልቲ'የም።

ጋሪ ኸቢልን ጂሚ ካራገርን ብሰኑይ ምሸት'የም ኣብ መደበር ቴሌቪዥን ስካይ ስፖርት ናይ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመት ናይ ሕልሚ ጋንታ ኣወጺኦም። እዞም ክልተ ናይ ቅድም ተኸላኸልቲ ኣቡታ ዘወጽኡዋ ኹተም ብልጹቲ ጋንታ፡ ሓሙሽተ ተጻወትቲ ካብ ማንቸስተር ሲቲ ክመርጹ ከለዉ ሓደ ተጻዋታይ ጥራይ ካብ ማንቸስተር ዩናይትድ ምርቃሖም ንደገፍቲ ሬድ ዴቨልስ ኣየሐጎሰን።

ጂሚ ካራገር ዝመረጾ ናይ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመት ዝበለጸት ናይ ፕሪመር ሊግ ጋንታ፤ ሓላዊ ልዳት ዴቪድ ዲ ሄያ፡ ተኸላኸልቲ ፓብሎ ዛባሌታ፡ ቪንሰንት ኮምፓኒ፡ ቫን ዳይች፡ ሰዛር ኣዝፒሊኬታ፡ ኣኸፋፈልቲ ንጎሎ ካንተ፡ ያያ ቱሬ፡ ዴቪድ ሰልቫ ኣጥቃዕቲ ጋረዝ በይል፡ ሰርጂዮ ኣጉዌሮን ኤደን ሃዛርድን ክተጠቓልል ከሎ ኔቪል ኣብ ዝሰርሓ ጋንታ ኸኣ ሓላዊ ልዳት ዴቪድ ዲ ሄያ፡ ተኸላኸልቲ ፓብሎ ዛባሌታ፡ ቪንሰንት ኮምፓኒ፡ ቫን ዳይች፡ ሰዛር ኣዝፒሊኬታ ኣኸፋፈልቲ ኤደን ሃዛርድ፡ ያያ ቱሬ፡ ዴቪድ ሰልቫ ኣጥቃዕቲ ሃሪ ኬይን፡ ሰርጂዮ ኣጉዌሮን ልዊስ ስዋሬዝን ኣለዉ።

## ሓጸርቲ ዜናታት

- ብመልክዕ ልቓሕ ናብ ኢጣሊያዊት ሮማ ተሰጋጊሩ ዘሎ ክሪስ ስሞሊን ኣብ ከተማ ሮማ ብቐዋሚ ብዛዕባ ዝጸንሓሉ ኩነታት ይዘራረብ ከም ዘሎ ተገሊጹ። ማንቸስተር ዩናይትድ ነዚ ተጻዋታይ ብቐዋሚ ክትሸጦ እንተደኣ ኮይና ኣስታት 15 ሚልዮን ፓውንድ ገንዘብ ክወሃባ ከም ትሓትት ይሕበር። ስሞሊን ማልያ ሮማ ጌሩ ትሸዓተ ግዜ ኣብ ሜዳ ኣብ ዝተራእየሉ ክልተ ሸቶታት ኣመዝጊቡ'ሎ።
- ፈረንሳዊ ፓትሪስ ሸይራ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ከይዱ ንኢንተር ማያሚ ብዛዕባ ዘሰልጥነሉ ኩነታት ይዘራረብ ከም ዘሎ ተገሊጹ። ሸይራ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣሰልጣኒ ፈረንሳዊት ኒስ ኮይኑ'ዩ ዝዓይይ ዘሎ። እዚ ምስ ኣርሰናል ከም ተጻዋታይ ጽቡቕ ናይ ጸወታ ግዜ ዘሕለፈ ሸይራ፡ ኣቐዲሙ'ውን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንክለብ ኒውዮርክ ሲቲ ከም ዘኣለየ ኣይርሳዕን።
- ሓድሽ ኣሰልጣኒ ቶተንሃም ሆዜዮ ሞሪኖ፡ ኣኸፋፋሊ'ታ ጋንታ ክርስትያን ኤሪክሰን መጻኢኡ ኣብዛ ጋንታ እንተደኣ ዘየጸፈሩ ውሑድ ናይ ጸወታ ግዜ ከም ዝሀቦ ኣፍሊጡ። ኤሪክሰን ካብ ማንቸስተር ዩናይትድን ሪያል ማድሪድን ጸውዒት ይቐርበሉ ከም ዘሎ ይፍለጥ።
- ኣኸፋፋሊ ማንቸስተር ዩናይትድ ፖል ፖግባ ናብ ሜዳ ዝምለሰሉ ግዜ ብፍላጥ የናውሖ'ሎ ተባሂሉ ንዝተጋወሐ ዜና ኣሉታዊ ምላሽ ሂቡ'ሉ። ፖግባ ምስ ወዱ ኩዕሶ ስኪዔት እናተጻወተ ዘርእይ ስእሊ ድሕሪ ምዝርግሑ'ዩ እዚ ዜና ኪጋዋሕ ጸኒሑ። ወዲ 26 ዓመት ፖል ፖግባ ናብ ሪያል ማድሪድ ክጽንበር ድላይ ከም ዘለዎ'ዩ ዝሕበር። ፖግባ ኣብ ወርሒ መስከረም ድሕሪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ኣብ ዱባይን ማያምን ጽዑቕ ሕክምናዊ ክንክን ይግበረሉ ከም ዘሎ'ዩ ዝግለጽ። እቲ ተጻዋታይ ክሳብ ዝመጽእ ዓመት ናብ ልምምድ ከም ዘይምለስ ይሕበር።
- ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ኣርሰን ቨንገር ናይ ቅድም ሓለቓ ጋንታ ጋርስ ሚከል ኣርቴታ ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ክኸውን ከም ዝኽእል ኣሚኑ። ኣርቴታ ኣብ 2018 ምስ ዑቶም ድሕሪ ቨንገር ንኣርሰናል ከሰልጥኑዋ ተሓጺዮም ዝነበሩ ዓሰርተ ኣሰልጠንቲ ተጸዊዑ ከም ዝነበረ ኣይርሳዕን። ኣርቴታ ኣብዚ እዋን ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ሲቲ ፐፕ ጋርዲዮላ ኮይኑ'ዩ ዝዓይይ ዘሎ። ጋርዲዮላ ካብ ኣርቴታ ዝረኸቦ ሓገዝ መዳርግቲ ኣልቦ ምዃኑ'ዩ ዝምስክር።
- ቶተንሃም ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ሆዜዮ ሞሪኖ ዝኾነ ጸዋእ ክትዓትር ኣንቂዳትሉ ኣብ ዘላ ግዜ ንበሉጽ ኣጥቃዓያ እንግሊዛዊ ሃሪ ኬይን ዋጋ ኣውጺኦትሉ። እዛ ጋንታ ዋጋ እዚ ተጻዋታይ 250 ሚልዮን ፓውንድ ምዃኑ'ያ ኣፍሊጣ ዘላ። ኬይን መዳልያ ንምውሳድ ናብ ካልኦት ዓበይቲ ጋንታታት ክኸይድ'ዩ እናተባህለ'ዩ ክግለጸሉ ጸኒሑ።
- ሽወደናዊ ዝላታን ኢብራሂሞቪች ድሕሪ 20 ዓመት ናብ ሃገሩ ተመሊሱ ክጻወት ከም ዝኽእል ይግለጽ ኣሎ። ኢብራ ሽሙ ዘለዎ ማልያ ሽወደናዊት ሃማርቢ ኣብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢታት ይዝርግሕ ከም ዘሎ ይግለጽ። ወዲ 38 ዓመት ኢብራ ኣብዚ እዋን ብዘይ ዝኾነ ውዕል'ዩ ዘሎ። እቲ ተጻዋታይ ናብ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ቶተንሃምን ኤሲ ሚላንን ክኸይድ'ዩ እናተባህለ ብሰፊሑ ክዝረብ ጸኒሑ'ዩ።

# ምልክታ

በደኩል ገብረሚካኤል - ፋርቱና ኤፍሬም
ናጽነት ደስበለ




## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣባሻውል

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ዮናስ ኪዳነን ተኸሳሲት ወ/ሮ ሰናይት ኪዳነን ዝተፈጸመ ውዕል መሸጣ ናይ ገዛ መኪና ቶዮታ ካሪና ቱ ዝዓይነታ ቁ.ሰሌዳ ኢ፡ኣር 1-14645 ሓዳሽ ታርጋ ድማ ኤር-1-B 1632 ቁ.ቻሲ JTIEATIS10019584፡ ተኸሳሲት ብኣድራሽኣ ክትርከብ ስለዘይካለት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ትቕረብ። እንተዘይቀሪባ ግን ንሳ ኣብ ዘይብሉ ጉዳያ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጸጸራት

ኣብርሃ ገብረሚካኤል፡ በዓልቲ-ቤተይ ወ/ሮ ሕርይቲ ገብረትንሳኤ ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኤልሳ ብርሃነ ወልደሚካኤል፡ በዓል-ቤተይ ዮናስ በራኺ ሃይለ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ሓበን ሃብቱን ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ መብራህቱ ህብትዝጊ፡ ብርሃነ መብራህቱ፡ መድሃኔ መብራህቱ፡ ስምረት መብራህቱ፡ ዮዲት መብራህቱ፡ ዘወዲ መብራህቱ ንዝሸጡለይ ናይ ገዛ መኪና ናብ ስመይ ስለዘየመሓላለፉለይ፡ ይጸውዑለይ ስለዝበሉ፣ ተኸሰስቲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም ግን ንሶም ኣብዘይብሉ ክውሰን ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረት

ወ/ሮ ኤልሳ የውሃንስ ተስፋማርያም፡ በዓል-ቤተይ ደበሳይ ገብረሂወት ስለዝተሰወአ፡ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሂወት ነጋሲ ሓጎስ፡ በዓል-ቤተይ ኪሮስ ተኽለሃይማኖት ብርሃነ ስለዝሞተ፡ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣስመረት ስብሃቱ ክብረኣብ፡ በዓል-ቤተይ ግራዝ/ሃብቱ ነጋሲ ንጉሰ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተንሰአ ተኽለሃይማኖት ዑቕባዝጊ፡ ወደይ ሃይለስላሴ ጎይትኦም ዝግታ ስለዝተሰወአ፡ ኣይተመርዓወን ኣይወለደን፡ ወላዲኡ ውን መዋቲ ስለዝኾነ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ዮውሃንስ ፍስሃየ፡ በዓል-ቤተይ ዮውሃንስ ዮናስ ገብሩ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ወኪድባ

ተጋ ወ/ሮ ገነት ቀሺ ሃብተስላሴ ዘሞ፡ ሓወቦይ ነ/ሄር ክፍለ ዘሞ ጉዕሽ ብሂወት እንከሎ ብውህብቶ ኣብ ዓዲ ዝርከብ መሬት ርስቲ ናይ ኣቦኦም ነፍ/ ዘሞ ጉዕሽ ርስቲ ሌጣ መሬት 3 ገዛ 1 ክሽነ ከምዝሰርሕሉ ኣብ ቅድሚ መሰኻኽር ዝሃበኒ ውህብቶ ይጽደቀለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሸከቲ

ወ/ሮ መርሃዊት ኣብርሃ ተኽለገርግስ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ገብረሂወት ፍስሓጼን ፍረዝጊ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ዓንሰባ ከረን

ኣድሓነት ፍረ ወርዕ ምባል ተሪፉ፡ መድሓኒት ፍረ ወርዕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ቴድሮስ ሚካኤል ደበሳይ ብወኪሎም ወ/ሮ ሓረጉ ገብረሚካኤል ደበሳይ ኣቢሎም፡ ቴድሮስ ሚካኤል ደበሳይ ምባል ተሪፉ፡ ቴድሮስ ገብረሚካኤል ደበሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፈረማርያም ፍራይ ክፈለ ምባል ተሪፉ፡ ፍራይ ክፍለ ፍራይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሕርይቲ ቀለታ ዓንደማርያም ምባል ተሪፉ፡ ሕርይቲ ቀለተ ዓንደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሃይላይ ኢሳቅ ቀለታ፡ ስም ኣደይ ርግባይ ገብረማርያም ክንቲባ ገብረሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ርግባይ ገብረማርያም ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ምምሕዳር ከባቢ ከረን 01

ወ/ት ነብያት ስብሃቱ ገ/ማርያም፡ ኣቦና ስብሃቱ ገብረማርያም ወልደገርጊስ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 13 ኣሕዋተይ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ ድባርዋ

ሱዛና ማሪቀስ ታደሰ ምባል ተሪፉ፡ ሱዛና ጳውሎስ ሃብተስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ጉልቲ

ወ/ሮ ዊንታ ገብረንጉስ፡ ወደይ ትወለመድህን ፍስሃ ባህታ ስለዝተሰወአ፡ ኣይተመርዓወን ኣይወለደን፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ጋሽ ባርካ ባረንቱ

ፋጥና እስማዒል ሸንግራይ ምባል ተሪፉ፡ ፋጥና ዳዉድ ሸንግራይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ባረንቱ

ኣቶ ክብርኣብ መሓሪ ብርሃነ፡ ኣቦና መሓሪ ብርሃነ ስለዝሞተ፡ 11 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳባ ዓንቀጸ ተወልደ፡ ምስ ተኸሳሲ ኣቶ ሃብተጼን ሓጎስ ተኽለማርያም ሕጋውያን ሰብ ሓዳር ኮይንና ካብ ክልቴና ኣብራኽ 2 ቆልዑ ወሊድና፡ እንተኾነ ተኸሳሲ ንዓይ ከይሓበረ ካብዚ ሃገር ወጺኡ ንዓይ ይኹን ንደቁ ደሃይ ክገብር ኣይከኣለን ሓጊዝና ውን ስለዘይፈልጥ ይጸውዓለይ ስለዝበላ፣ ተኸሳሲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ተሰነይ

ኣቶ ኢብራሂም ሳልሕ፡ ኣቦይ ኣቶ ሳልሕ መ/ድ ዓሊ ስለዝሞተ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጊንዳዕ 02

ከሳሲት ወ/ሮ ሃንሱ ገብረቓል፡ ብሕጋዊ ወኪላ ኣቶ ተኽለ ኪሮስ ኣቢላ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፍስሃጼን ዑቕባክርስቶስ ንወርሒ ብ500 ናቕፋ ኣካረየዮ ብመሰረት ሕጋዊ ውዕል ክራይ ቤት መግብን መስተን ዝኣተዎ ውዕል ኣብ ወርሒ ክኸፍል ዝግብኦ ከይከፈለ ካብዚ ሃገር ስለዝወጸ፡ ስለዝበላ፣ ተኸሳሲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ንሱ ኣብ ዘይብሉ ጉዳዩ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ባጽዕ ምምሕዳር 02

ኣቶ ኪሮስ ሓደራ መሓሪ፡ ኣደይ ዘነበሽ ግደይ ገብረኪዳን ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ጨረታ

ምምሕዳር ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ንመዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ናይ ፎቶ ኮፒ ኣገልግሎት ዝህቡ ተጫረትቲ ይዕድም። ተጫረትቲ ከምዚ ዝስዕብ ከማልኡ ይሕተቱ።

1. ናይ 2019 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ የቕርቡ።

2. ንመኽበሪ ጨረታ ተመላሲ ዝኸውን ናቕፋ 5000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ኣታዊ ይገብሩ።

3. ንጨረታ ዘድሊ መምርሕን ቕጥዕን ናቕፋ 300.00 ብምኽፋል ካብ ኣሃዱ ማርከቲን ምውሳድ ይከኣል።

4. ካልእ ተወሰኽቲ ሓበሬታታት ንምርካብ ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣሃዱ ማርከቲን ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ ሰዓታት ብምምጻእ ወይ ድማ ብቑጽሪ ስልኪ 152122 ብምድዋል ምርካብ ይከኣል።

5. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልትታት ተጫረትቲ ኣብ ዝተረኽቡሉ ሰዓት 10፡00 ንግሆ ይኽፈት።

6. ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተድኣ ረኺቡ በዚ ጨረታ እዚ ኣይግደድን።

ምምሕዳር ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ
ቁ.ስ 152122 ፖ.ሳ.ቁ 5846 ኣስመራ

## ንካልኣይ ግዜ ዘወጽእ ምልክታ ጨረታ

ሮራ ብሕታዊ ኣገልግሎት ጥዕና ሓ/ዝ/ብ/ማ ኣብ ሰምበል ሆስፒታል ዝርከብ ቤት መግብን ባርን ግሮሰርን ምክራይን ከምኡ'ውን ኣብ ሆስፒታል ደቂሶም ዝእለዩ ሕሙማት መግቢ ንምቕራብን ብቕዓት ዘለዎም ተወዳደርቲ ንጨረታ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልኡዎም ዘለዎም ቅጥዕታት

1. ሕጋዊ ናይ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎም ኮይኖም፡ ናይ 2018 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም፡ ናይ 2018 ግብሪ ዝኸፈሉን ክኸውን ይግባእ። መቦቀላዊ ሰነዳት ቅዳሕ ምስ ኣቕረበ ቅዳሕ ምስ መቦቀላዊ ሰነድ ተማሳኺሩ መቦቀላዊ ሰነድ ተጫራታይ ይምለሰሉ።

2. ብናይ መግቢ ምቕራብ ሞያ ብውሑዱ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ተመኩሮ ዘለዎ።

3. ብዛዕባ ትካሉ ዝህቦ ኣገልግሎትን ትሕዝቶን ዝገልጽ ጹሑፍ (Profile) ዘቕርብ።

4. መኽበሪ ጨረታ 150,000,00 (ሚእትን ሓምሳን ሽሕ) ናቕፋ ዝምለስ ብCPO ዘቕርብ።

5. ናይ ጨረታ ሰነዳት 50.00 (ሓምሳ) ናቕፋ ዘይምለስ ብምኽፋል ካብ ቤት ጽሕፈት ሮራ ብሕታዊ ኣገልግሎት ጥዕና ሓ/ዝ/ብ/ማ (ኣሃዱ ፋይናንስ) ምውሳድ ይከኣል።

6. ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝወደአ ወይ ዘይምልከቶ ምኻኑ መረጋገጺ ከቕርብ ዝኽእል።

7. ተጫራታይ ናይ ጨረታ ዘቕርቦ ዋጋታት ብሰታሪት ብግቡእ ዓጺጉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሮራ ብሕታዊ ኣገልግሎት ጥዕና ሓ/ዝ/ብ/ማ (ኣሃዱ ፋይናንስ) የረክብ።

8. እዚ ጨረታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን7 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ይኸውን። ኣብ መበል 8 ናይ ስራሕ መዓልቲ ሰዓት 10፡00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት።

9. ሮራ ብሕታዊ ኣገልግሎት ጥዕና ሓ/ዝ/ብ/ማ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኽፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሓበሬታ፡ ኣድራሻ ናይ ቤት ጽሕፈት ሮራ ብሕታዊ ኣገልግሎት ጥዕና ጥቓ ቤተክርስትያን ቅዱስ ሚካኤል ጸጸራት እዩ። ንተወሳኺ ሓበሬታ ቁ.ቴሌፎን 08373442 ወይ 123096 ምውካስ ይካኣል።

## ምልክታ

ኣብ መንጎ ኣካራያይ የሴፍ ኣለምሰገድ ኣድሓኖም ተኻራይት ሂወት ሃብተማርያም መብራህቲ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL000013622 ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ሰገነይቲ ቁ.ገዛ 39/B ዝተመዝገበ ናይ ምስራሕ ወርቕን ብሩርን ንግዲ ንጥፈት ካብ ዕለት 18/11/19 ጀሚሩ ከም ዝተቋረጸ እናሓበርና ዝቃወም ኣካል ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ሰልጣን ናብ ዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቀጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ክቋረጽ ምዃኑ ነፍልጥ።

ጨ/ቤ/ጽ/ንግድን/ምዝገባን

## ምልክታ ንወነንቲ ብርኪ ኤርትራቶ

መበል 18 ስሩዕ ሓፈሻዊ ጉባኤ ወነንቲ ብርኪ ኤሪትራቶ 14 ታሕሳስ 2019 ሰዓት 8፡30 ኣብ ኣዳራሽ ሃገራዊ ቤት ምኽሪ ንግዲ ኤርትራ ክካየድ መደብ ኣሎ። ኣብ'ዚ ዕለት ምልኣተ ጉባኤ እንተዘይተረኺቡ፡ ዝቐጽል ኣኼባ 28 ታሕሳስ 2019 ኣብ ዝተጠቕሰ ቦታን ሰዓትን ብዝተረኽበ ብዝሒ ተሳተፍቲ ክካየድ ስለዝኾኑ፡ ኩሉኹም ወነንቲ ብርኪ ኤሪትራቶ ወይ ሕጋውያን ወኪላት ኣብ ኣኼባ ክትርከቡ ብኽብሪ ንዕድም።

መደብ ኣኼባን ናይ 2018 ኦዲት ሪፖርትን ካብ ቤ/ጽ ፋይናንስን ምምሕዳርን ትካልና ምውሳድ ይከኣል።

ዳይረክተራት ቦርድ ኤሪትራቶ ትራንስፖርት

## ንካልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ ነፍሒ ኣብ ቀለብ ተማሃሮ ንዓመተ 2020 ዝውዕል እንቛቑሖ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም ከምኡ'ውን ንተማሃሮ ዘገልግላ ትካላት ፎቶ ኮፒን እንዳ ሻሂን ንክልተ ዓመት ማለት ካብ ታሕሳስ 2019 ክሳብ ሰነ 2021 ኣወዳዲሩ ክካሪ ስለዝደለየ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ እንቛቑሖ ከምልእዎም ዘለዎም ረቛሒታት

1. ፎቶ ኮፒ ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ፎቶ ኮፒ ታሴራን የቕርቡ።

2. ንትካል እንዳ ሻሂን ናይ 2018 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ፎቶ ኮፒ ታሴራን የቕርቡ።

3. ተጫረትቲ ዘይምለስ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ይወስዱ።

4.ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን ንትካል ፎቶ ኮፒ 20,000.00 (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) ንትካል እንዳ ሻሂ ከኣ 50,000.00 (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ) ብሲ.ፒ.ኦ ኣሰሪሖም የቕርቡ።

5. ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንዓሰርተ (10) ተከታታልቲ መዓልታት ክፉት ኮይኑ ንጽባሒቱ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ኣሃዱ ዕድጊ ብምምጻእ ወይ ብቑጽሪ ስልኪ 08202691 ብምድዋል ምውካስ ይከኣል።

ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብኽፊል ወይ ብምልኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ ነፍሒ

## 2ይ ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/ቤ/መሰል ኣቶ ጠዓመ ተኪኤ ብፍ/ቤ/ዕዳ ወ/ሮ ኣስቴር ገብረሚካኤል ብዝተፈዋረ ናይ ክርክር ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጉዳይፍ ብዕለት 24/10/2019 ብቁ/መዝ 77/18 መርቸድስ ዝዓይነታ ቁጽሪ ሰሌዳ ER-C-1-2047 ቁ/ቻሲ WDB 12302010151377 ዓቕሚ ምቶረ 2000 ሲሲ ትወስዶ ዓይነት ነዳዲ ናፍታ ዝኾነት ናይ ገዛ መኪና፣ ብክኢላ 55,000,00 ናቕፋ (ሓምሳን ሓሙሽተን ሽሕ ናቕፋ) ተገሚታ፡ ንዕለት 26/03/2019 ሓራጅ ተኻይዱ ተወዳደርቲ ስለ ዘይተረኽቡ ካልኣይ ሓራጅ ክግበር ቤት ፍርዲ ኣዚዙ። ስለዚ መበገሲ ዋጋ ሓራጅ 27,500 ናቕፋ ይኸውን። ኣብቲ ዝግበር ሓራጅ ¼ ናይቲ ዝተዋህበ ግምት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብስሙ ዝተመዝገበ ናይ ባንኪ ቡክ ወይ ድማ ብስም ፈጻም ፍርዲ ሲፒኦ (CPO) ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ኣብቲ ዝግበር ጨረታ ዝተዓወተ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ናይ ዝተዓወተሉ መጠን ገንዘብ ኣብ ሕሳብ ፈጻም ፍርዲ ኣታዊ ይገብር።

ዕለት ሓራጅ፡ 26/12/2019

ሰዓት ሓራጅ፡ 3፡00-4፡00 ድ/ቀ

ቦታ ሓራጅ፡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/27

N.B ንዚያዳ ሓበሬታ ክወስድ ዝደሊ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/64 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት መጺኡ ክውከስ ይኽእል። መኪና ክርኢ ዝደሊ ኣብ ጋራጅ ሓሰን ከይዱ ክርኢ ይኽእል።

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

ሃይለ ዳኒኤል

# ጀርመን - ካብ ቤተ-መዘክር ኣልማዛት ተሰሪቑ



ኣብ ምብራቕ ጀርመን ዝርከብ - ሓደ ካብ ዝዓበዩ ናይ 'ክቡራት ነገራት' ዝዕቅብሉ ቤተ-መዘክር ተዘሚቲ።

ቡቲ ብቐደሚ ትማሊ ዘጋጠመ ስርቂ፡ ሰለስተ ደረጃታት መለክዒ ዘለዎ 'ኣልማዝ' ከም እተወስደ ተሓቢሩ።

እተን ዝተሰርቃ ኣልማዝ ነፍሲ-ወከፈን 37 ክፋላት ከም ዘለወን እውን ተፈሊጡ ኣሎ።


ሰብ መዚ'ታ ሃገር ኣብ ዝዘርግሕዎ ጸብጻብ፡ እቶም ሰረቕቲ ክንደይ ዝኣክል ንብረት ከም ዝሰረቑ ገና ኣብ ምጽራይ ምህላዎም ገሊጾም ኣለዉ።

እቲ ብ'ኣገስጦስ ዓቢ' ዝፍለጥ ዝነበረ ገዛኢ ሳክሶኒ - ኣብ 1723 ዝተመስረተ መኣከቢ ክቡራት ነገራት፡ ሓደ ካብቶም ዝጠንተዉ ኣብያተ-መዘክር ዓለምና ምዃኑ እዩ ዝንገረሉ።

እቶም ናብቲ ቤተ-መዘርክር ብምእታው ዝዘመቱ ሰረቕቲ፡ ብዘይካ'ቲ ክቡር ኣልማዛት ካልእ ብርክት ዝበለ ክቡር ንብረት እውን ከም ዝሰረቑ ተፈሊጡ።

ተንተንቲ ከም ዝሕብሩዎ፡ እቲ ተዘሚቲ ዘሎ ኣልማዝ ኣስታት ሓደ ቢልዮን ዶላር ዝትመን እዩ።

# ተወሳኺ



ሓደ ናይ ጸባ ከብቲ ኣብ ምርባሕ ዝሰጥፍ ትካል፡ ከብቱ 'ብዝበዝሒ ጸባ ክሕለባ' ብምባል፡ ኣብ ኣዒንተን ሓደ መሳርሒ ከም ዝወደየለን ተሓቢሩ።

እቶም ወነንቲ ናይ'ቲ ትካል ሓረስቶት፡ ምስ ክኢላታት ሕክምና እንስሳን ካልኦት ኣማኸርቲን ብምልዛብ እዮም ነቲ ቴክኖሎጂ ኣተኣታትዮምዎ። እቶም ኣብ ጥቓ ከተማ ሞስኮ - ክራስኖጎርስክ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ናይ ሕርሻ ቦታ ዘለዎም ሓረስቶት፡ ነተን ከብቲ ናይ እዋን ክረምቲ ስእሊታት ብመንገዲ'ቲ ኣብ ዓይነን ዝውደ መሳርሒ ኣብለን ከም ዝርእያ ብምግባር እዮም ነቲ ፈተነ ዘካይድዎ ዘለዉ።

ከም እምንቶ ናይቶም ሓረስቶት፡ እዚ ሓድሽ ኣገባብ ነተን ከብቲ ካብ ዝኾነ ጸቕጢ ብምእላይ፡ ንክትተ-ኣእምሮአን ኣሐዲሱ ዚያዳ ጸባ ከም ዝህባ ንምግባር እዩ።

ቅድሚ ሕጂ እውን፡ ኣብ ኣመሪካ ዝርከቡ ሓረስቶት፡ ንናይ ጸባ ከብቶም ናይ ማሳጅ ማሽናት ኣተኣታትዮም ምንባሮም፡ ኣብ ካልእ ክፋል ሞስኮ ዝርከቡ ሓረስቶት እውን፡ ጥዑም መዚቃ ይውልዑለን ምንባሮም. . . ይሕበር።

# ጽሬት ኣደ ጥዕና!

ኣዝዩም ቀሊልቲ ነገራት ብምግባር ጥራይ - ብመሰረቱ ካብ ምጥቃም መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ ክንሳገሎካ ይኽእል እዩ። ቀጻሊ ኣእዳውካ ብማይን ብሳሙናን ብምሕጻብ፡ መግቢኻ ብጽሬት ብምድላው፡ ክትህንጥስ ወይ'ውን ክትስዕል ከለኻ፡ ኣፍካ ብመንዲል ብምሽፋን ወዘተ. ገለ ካብቶም ክዘውትርዎም ዝግባእና ንጥፈታት እዮም። ብተወሳኺ፡ ውሑስ ጾታዊ ርክብ ብምዝውታርን ክታበት ኣብ ግቡእ ግዜኡ ብምውሳድን፡ ንዝተፈላለየ ረቛሒታት ኣቦላት ሰድራኻን ካብ ሕማም ምክልኻል ይከኣል እዩ።

ኣብ እንስሳታት፡ ብሰንኪ ጽሬት ስኡናተን መመገብአንን መደቀስአንን ዘይምሕላው፡ ብዙሓት ጥዕናዊ ጸገማት ክኸስቱ ምርኣይ ልሙድ'ዩ። ብሰንኩ ድማ፡ ሓረስቶት ንምፍዋስ ጥሪቶም ኣብ ከበድ ሃልኪን ክሳራን ይኣትዉ። ስለዚ፡ ጥሪትካን ከብትኻን ብጽሬት ብምሓዝ ጥራይ፡ ካብ ብዙሕ ሕማማት ክትከላኸል ትኽእል ኢኻ።

መጻኢ ፈዋስነት መድሃኒታት ጸረ-ባክተርያ ምውሓስ - ሓላፍነት ኩልና እዩ!

***ሓበሬታዊ መልእኽቲ ሚኒስትሪታት ጥዕናን ሕርሻን***

# ኣልባንያ - ምንቅጥቃጥ ምድሪ ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ኣልባንያ ትማሊ ብዘጋጠመ ናይ 6.4 ሬክተር ሓይሊ ዘለዎ ምንቅጥቃጥ መሬት፡ ትሸዓተ ሰባት ህይወቶም ክስእኑ እንከለዉ፡ ብዙሓት ካልኦት ብፍርስራስ ተጸቒጦም ምህላዎም ተሓቢሩ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ምክልኻል'ታ ሃገር ከም ዝሓበረቶ፡ መሰረት ናይ'ቲ ኣብ ሰዓታት ናይ ንጉሆ ዝተኸስተ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ካብ ርእሰ-ከተማ ኣልባንያ ቲራና - ንሰሜናዊ ምዕራብ ኣስታት 34 ኪሎ-ሜተር ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ከባቢ እዩ።

ድሕሪ ገለ ሰዓታት ናይ ኣልባንያ፡ ኣብ ከተማ ሞስታር ናይ ቦዝንያ እውን ተመሳሳሊ ምንቅጥቃጥ ከም ዘጋጠመ፡ እንተኸውነ - ዛጊት ኣብቲ ከባቢ ብዝዕባ ዘስዓቦ ዕንወት ሓበሬታ ከምዘየለ ተገሊጹ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣልባንያ ኤዲ ራማ፡ ብመንገዲ ማሕበራዊ መድያ ትዊተር ኣብ ዘሕለፎ መልእኽቲ፡ "ንቶም ቢዚ ባህርያዊ ሓደጋ ተሃሲዮም ዘለዉ ግዳያት ንምርዳእ ዘከኣለና ክንገብር ኢና" ኢሉ ኣሎ።



ማዕከን ዜና ኣልባንያ ኣብ ዝዘርግሖ ጸብጻብ፡ ልዕሊ 600 ሰባት ኣብ ትሕቲ ትካላት ሕክምና ተዓቚቦም ከም ዘለዉ፡ ካብዚኦም እቶም ልዕሊ 300 ኣብ ርእሰ-ከተማ' እታ ሃገር ከምዝለዉ ሓቢሩ።

ሰራሕተኛታት መጥፋእቲ ሓዊን ኣባላት ሰራዊትን ኣልባንያ፡ ንቶም ብፍርስራስ ገዛውቲ ተዓጊቶም ወይ ተደብዮም ዘለዉ ግዳያት ንምውጻእ ይሰርሑ ምህላዎም፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል'ታ ሃገር ገሊጹ።

እቲ ትማሊ ዘጋጠመ ምንቅጥቃጥ መሬት፡ ኣብታ ሃገር ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ካብ ዝተራእዩ ተመሳሰልቲ ባህርያውያን ሓደጋታት፡ እቲ ዝበርትዐ ምዃኑ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ይጠቕሱ።

ኣብ 1979 ኣብታ ሃገር ዘጋጠመ ናይ 6.9 ሬክተር ሓይሊ ዘለዎ ምንቅጥቃጥ መሬት፡ ህይወት 136 ሰባት ከምዝቐዘፈን፡ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ከምዝቖሰለን ይፍለጥ።

# ማሊ - ክልተ ወተሃደራውያን ሄሊኮፕተራት ተጋጭየን

ኣብ ማሊ፡ ኣብ እዋን ስርሒት ኣንጻር ጂሃዳውያን ሓይሊታት፡ ክልተ ሄሊኮፕተራት ብምግጫወን 13 ወተሃደራት ፈረንሳ ከምዝሞቱ ተሓቢሩ።

እቲ ብቐደሚ ትማሊ ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ፈረንሳ ካብ ዘጋጠሙ - እቲ ዝኸፍአ ምዃኑ እዩ ዝንገር ዘሎ።

ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑዌል ማክሮን፡ ብቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ዝተሰምዖ ሓዘን ድሕሪ ምግላጹ፡ ጠንቂ'ቲ ሓደጋ ንምጽራይ መርመራታት ተጀሚሩ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ 2013፡ ማሊ ሰሜናዊ ክፋል መሬታ ብእስላማውያን ዕጡቓት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ድሕሪ ምእታዉ፡ ፈረንሳ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ወተሃደራት ንሓገዝ ከም ዝለኣኸት ይሕበር።

ካብቲ እዋን'ቲ ንደሓር፡ ሓይሊታት ማሊ ነቲ ኣብ ትሕቲ ዕጡቓት ዝነበረ ቦታታት ኣብ ቁጽጽሮም ከኢሎም።



የግዳስ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ዘይምርግጋእ ክሰፍንን፡ ናብ ካልኦት ከበባታት'ታ ሃገርን ጎረባብታን እውን ክተናኸፍን እዩ ተራእዩ።

ፈረንሳ፡ ንሓይሊታት ማሊ፡ ማውሪታንያ፡ ኒጀር፡ ቡርኪናፋሶን ጫድን ኣንጻር እስላማውያን ዕጡቓት ንምሕጋዝ ብዝብል፡ ኣስታት 4500 ወተሃደራት ከም ዘእተወት ይግለጽ።

ጠንቂ ናይ'ቲ ዝሓለፈ ሰኑይ ዘጋጠመ ምግጫው - ናይ ክልተ ወተሃደራውያን ሄሊኮፕተራት፡ ገና ከምዝይተጻረ ምንጪታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ፈረንሳ፡ ንኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ ሓቢሮም ኣለዉ።

ፈረንሳ ወተሃደራት ኣብ ማሊ ካብ እተእቱ፡ 38 ወተሃደራት ከምእተቐትሉዋ እዩ ዝግለጽ።


# ዩሮ - ፖል፡ ንመስመራት ፕሮፖጋንዳ ዳዕሽ ይዓጹ

ትካል ምክልኻል ገበን ኤውሮጳ - ዩሮ-ፖል፡ 'ቴሌግራም' ኣብ ዝተባህለ መልእኽቲ መመሓላለፊ ኣፕሊኬሽን ብዝዝበር ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ሳይበር፡ ዕጡቕ ጉጅለ ዳዕሽ ንመዘርግሒ ፖሮፓጋንዳኡ ክጥቀመሎም ዝጸንሐ መስመራት ከም ዝዓጸወ ሓቢሩ።

ዩሮ-ፖል ኣብ ዝዘርግሖ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ኣብ መራኸቢ መርበብ ቴሌግራም ብዝተኻየደ ስርሒት ሳይበር፡ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ንፕሮፓጋንዳ ክጥቀመሎም ዝጸንሐ መተሓላለፊ መስመራት ረኺቡ ካብ ስራሕ ወጻኢ ከምዝገበሮ ኣፍሊጡ።

እቲ ትካል ክንደይ ዝኣክል መስመራት ከም ዝደምሰሰ እኳ እንተዘይሓበረ፡ ትካል ቴሌግራም ብዝዘርግሖ ጸብጻብ መሰረት ግን፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓርቢን ቀዳምን ጥራይ ልዕሊ ሓሙሽተ ሽሕ መስመራት ተዓጽዩ ኣሎ።

እዚ ከኣ ምስቲ ዩሮ-ፖል መዓልታዊ ከካይዶ ዝጸንሐ፡ ኣብ መዓልቲ ካብ 200




ክሳብ 300 ዝበጽሑ መስመራት ምዕጻው ብምርኣይ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ምዃኑ እዩ ዝግለጽ።

ዩሮ-ፖል ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ናይ ዝሓለፈ ዓመት፡ ዳዕሽ ፕሮፖጋንዳ ናይ ምዝርጋሕ ዓቕሙ ከም እተዳኸመ ምግላጹ ኣይርሳዕን።

እዚ ሕጂ ቡቲ ትካል ተወሲዱ ዘሎ መጥቃዕቲ ሳይበር - ኣብ ልዕሊ መስመራት'ቲ ዕጡቕ ጉጅሌ ካብቲ ናይ ዝሓለፈ እዋናት እቲ ዝሓየለን ንዳዕሽ ድማ ኣብ ናይ ፕሮፖጋንዳ ስርሓቱ ዘስዓቡን ምዃኑ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

እዚ ናይ ሕጂ፡ ነታ ወግዓዊ ፕሮፖጋንዳ ናይ ዳዕሽ እትፍኑ 'መደበር ዜና ናሸር' እውን ዒላማ ዝገበረ እዩ ነይሩ።

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ገዛ ከኒሻ

ዕለት
27/11/2019

ጎደና
ጎደና ክሳድገዋ 195 ከበ. 2ይ ደረጃ ቤ/ት ይሳቕ ተወልደመድህን

ቁ.ስልኪ
08202877

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565